# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 25 ዓመት ቁ.16 | ዓርቢ 18 መስከረም 2015 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
መስርሕ ወርሲ ብዓልቤተይ ኣብይን መዓስ ደዩ ዝኸፈት?



ገጽ 4
ኣብ ምድላይ'ዩ ዘሎ



ገጽ 5
መንእሰ - እቲ ደፋር ሰናይ



ገጽ 6
"ስለምንታይ'ዩ ሰብ ዝወልድ?" ሕቶ ጮር መንእሰይ



ገጽ 9
ውድድራት ክፍ/ማሂ/ ምክልኻል ተዛዚሙ




# ኤርትራ ኣብ ውድድራት ስፖርት መላእ ኣፍሪቃ፡ ወርቅን ነሓስን ተሸሊማ




ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ፡ ኮንጎ-ብራዛቪል ኣብ እተኣንገደ ዘሎ ውድድራት ስፖርት መላእ ኣፍሪቃ፡ ሓንቲ ወርቂን ሓንቲ ነሓስን ሜዳልያታት ተሸሊማ።

ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ፍርቂ ማራቶን ጉያ፡ ኣሎምፒኣዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ ቀዳማይ፡ ኣትሌት ህዝቕኤል ተወልደ ድማ ሳልሳይ ብምውጻእ ወርቅን ነሓስን ሜዳልያታት ክሽለሙ እንከለዉ፡ ኣትሌት ሳምሶን ገብረየውሃንስ ድማ ራብዓይ ደረጃ ከምዝሓዘ ልኡኽ ሚኒስትሪ ዜና ካብ ከተማ ብራዛቪል ሓቢሩ።

ኣብ ናይ ደቂኣንስትዮ ውድድር ከኣ ኣትሌት ኮኾብ ተስፋጊዮርጊስ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ውድድራ ፈጺማ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ክልቲኡ ጾታታት ውድድር ክልተ ወርቅን ሓንቲ ብሩርን ሜዳልያታት ብምዕታር ብ16 መስከረም ናብ ሃገራ ከምእተመልሰት ይፍለጥ።

# ማእከላይ ባይቶ ሃኮሰኤ 5ይ ምዱብ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ

ማእከላይ ባይቶ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ 5ይ ምዱብ ኣኼባኡ ብ16ን 17ን መስከረም ኣብ ኣስመራ ኣቃኒዑ።

ዋና ጸሓፊ ሃኮሰኤ ኣቶ ተኽስተ ባይረ ኣብ ዘቕረቦ መግለጺን ጸብጻብን፡ እቲ ኣኼባ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ መደባትን ትግባረኣምን ዘጋጠሙ ብድሆታትን ንምዝታይ ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ንዝካየዱ ጉባኤታት ሃኮሰኤን ምስ ሕቶ ዕዮን ሰራሕተኛታትን ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለወን ፌደረሽናትን ከም መዳለዊ ኮይኑ፡ መሰረታውያን ጉዳያት ሰራሕተኛታት ኣለሊኻ ናብ ሓድሽ መድረኽ ንምስግጋር ኣበርክቶ ክህልዎ ትጽቢት ከምዝገበር ሓቢሩ።

"ጉዳይ ዕዮን ዓያይትን ብዝተናጸለ ዝርአ ዘይኮነ፡ ምስ ህልው ዓለማዊ ኩነታት እናተጻለለወ ዝኸይድ'ዩ" ዝበለ ኣቶ ተኽስተ፡ ንማሕበራዊ ምዕሩይነት ዘየሳሲ - ዘይርትዓዊ ፍልስፍና ስርዓት-ቁጠባ ዘምጽኦ ዘይምዕሩይ ኣኪይዱ፡ ንዘጠዘሐ ሃብቲ ዓለምና ኣብ ኢድ ውሑዳት ብምእታው ምግላል ዝጠዘሐ ክፋል ህዝቢ ዓለም ከምዝሰዓበ ብምንጻር፡ እዚ ድማ ንቓልሲ ሰራሕተኛታት ከቢድ ከምዝገበሮ ኣብሪሁ።

ምሕያል ውዳብ ሰራሕተኛታት ሓደ ካብ ቀንዲ ዕማማት ሃኮሰኤ ከምዝኾነ፡ እዚ ድማ እምነ-መሰረት ንምርግጋጽ ሰብኣዊ መሰልን ፍትሕን ከምኡ'ውን ኣብ ምዕባይ ኣፍራይነት ደራኺ ተራ ከምዘለዎ ስለዝተኣምነሉ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ ተኽስተ ኣብ መወዳእታ፡ ሸቶ ሃኮሰኤ፡ ሰራሕተኛ ኣብ ቦታ ስራሕ ሰብኣዊ ክብረቱ ተሓልዩ ማዕረ ዘፍርዮ ሞሳኡ ከምዝረክብ ክኸውንን ውሑስ ቦታ ስራሕ ምርግጋጽን ምዃኑ ብምንጻር፡ እዚ ክውን ንምግባር ምስ ኩሎም መሻርኽቱ ወሃብቲ ጻዕርታት ኣብ ምኪያድ ከምዝርከብ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ንህልው ብድሆታት ሃኮሰኤ፡ ሕቶ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት፡ ኣሰራሕትን መንግስትን ዘሎ ስሉሳዊ ዝምድናን ምዕባለኡን ከምኡ'ውን መጻኢ ጉዕዞ ሃኮሰኤ ኣብ ዝምልከት ዛዕባታት ዘተ ኣካዪዶም።





ስ/ ሄኖክ መኮነን

# ሕግን ሕብረተሰብን

## ኣብ ዝተኸፈተ መዝገብ ጣልቃ ኣትየ ክከራኸር እኽእልዶ?

ሳሙኤል ገብረብርሃን

*ብዓል ቤተይ ንዓይ ከይሓበረ ብሓባር እንውንኖ መኪና ንወ/ሮ ደርጋኣለም ይሸጠላ። ብዓልቤተይ ብውዕሉ መሰረት ነታ መኪና ንወ/ሮ ደርጋኣለም ስለ ዘረከበላ ኣብ ልዕሊ ብዓልቤተይ ክሲ ተምስረተ። ብወገነይ ንምርካብ እታ መኪና ዝምልከት ኣብ ልዕሊ በዓል ቤተን ክሲ ከም ዝቐረበ ስለ ዝፈለጥኩ፣ ኣብ'ቲ ዝተኸፍተ መዝገብ ጣልቃ ኣትየ ክከራኸር እኽእል ዶ?*

*ኣስቴር - ካብ ኣስመራ*

ብመሰረት ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ሓደ ኣብ መስርሕ ድንገት ኣብ ዘሎ ጉዳይ 'ረብሓ ኣለኒ' ዝብል ወልቀ ሰብ ኣብቲ ጉዳይ ኣትዩ ክከራኸር ተኽእሎ ኣሎ። እቲ 'ረብሓ ኣለኒ' ዝብል ሰብ ኣብቲ ጉዳይ ጣልቃ ክኣቱ እንተኾይኑ፣ ብቐጥታዊ ወጽኢት ናይቲ ኣብቲ ጉዳይ ዝወሃብ ውሳኔ ወይ ትእዛዝ ዝረብሕ ወይ'ውን ዝጉዳእ ክኸውን ይግባእ። እዚ ከምዚ ዓይነት ሰብ ኣብ ሓደ ጉዳይ ጣልቃ ክኣቱ እንተኾይኑ፣ እቲ ዝቐየድ ዘሎ ክርክር ብኸመይ መልክዕ ንረብሓኡ ወይ መሰሉ ከም ዝትንክፍ ብምዝርዛር ናብ ቤት ፍርዲ ምልክታ ከቕርብ ይግደድ። እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ምልክታ ድሕሪ ምምርማር ኣመልካቲ ብወጽኢት ናይቲ ጉዳይ ረብሓኡ ዝትንክፍ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ኣብቲ መዝገብ ኣትዩ ክኸራከር ክፈቕደሉ ይኽእል እዩ።

ብዘወሳኺ ቤት ጽሕፈት ምኽብር ሕጊ፣ ሓደ ኣብ መስርሕ ድንገት ዘሎ ጉዳይ ንህዝባዊ ረብሓ ዝትንክፍ ኮይኑ ኣብ ዝረኸቦ እዋን፣ ኣብቲ ጉዳይ ኣትዩ ክከራኸር ከመልከት ይኽእል እዩ። እቲ ተተንኪፉ ዝበሃል ህዝባዊ ረብሓ ናይ ምርዳእ ሓላፍነት ናይ ኣኽባሪ ሕጊ ኮይኑ፣ ቤት ፍርዲ ነቲ ዝቐረበሉ ምኽንያት ቅቡል ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ኣኽባሪ ሕጊ ኣብቲ ጉዳይ ኣትዩ ክከራኸር ክፍቅደሉ ይግባእ።

ብኣጠቓላሊ፣ ጣልቃ ንምእታው ንምፍቃድ እቲ መማዚ ረብሓ ናይቲ ጣልቃ ንምእታዉ ዘመልክት ዘሎ ወገን ኮይኑ፣ ጣልቃ ምእታዉ ዝፍቀድ ኣመልካቲ በቲ ኣብቲ ጉዳይ ዝወሃብ ትእዛዝ ወይ ውሳኔ ብቀጥታ ዝረብሕ ወይ'ውን ዝጉዳእ ምስ ዝኸውን እዩ።

ስለዚ ሓታቲት፣ ኣብ መንጎ ብዓል ቤትክን ወ/ሮ ደርጋኣለምን ዝቐየድ ዘሎ ክርክር ብኸመይ መልክዕ ንረብሓኺ ወይ መሰልኪ ከም ዝትንክፍ ብምዝርዛር ናብቲ ቤት ፍርዲ ምልክታ ምቕራብ ከድልየኪ እዩ። እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ዘቕረብክዮ ምልክታ ድሕሪ ምምርማር ንስኺ ብወጽኢት ናይቲ ጉዳይ ረብሓኺ ዝትንክፍ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ጥራይ'ዩ ከኣ ኣብቲ መዝገብ ጣልቃ ኣቲኺ ክትከራኸሪ ክፍቅደልኪ ዝኽእል።

## መስርሕ ውርሲ ብዓልቤተይ ኣበይን መዓስን ድዩ ዝኽፈት?

*ብዓልቤተይ ብሞት ተፈልዩ። ብሓደ ደማ ኢና ኣብዚ ሕጂ ኣነ ዝነብረሉ ዘለኹ ገዛ ንቕመጥ ኔርና። ማለት ነገሩ ኣብዚ ኣነ ዘለኹዎ ቦታ እዩ። ካብ ሓዳር ወጻኢ ዝወለደላ ኣብ ካልእ ገዛ እትቕመጥ ኢደ-ወደ፣ ድሕሪ ሞቱ ከይደንጎየት መስርሕ ውርሲ ኣብቲ ንሳ እትቕመጠሉ ገዛ ኣኽፊታ ጉዳይ ይቕጽል ኣሎ። ብወገነይ ከም ተቓዋሚት ቀሪበ 'ሕጋዊ ብዓልቲ ቤቱ ኣነ ስለዝኾንኩ ኣነ ኣብ ዝቕመጠሉ ቦታ እዩ መስርሕ ውርሲ ብዓል ቤተይ ዝኽፈት' እናበልኩ ኣለኹ'ሞ፣ ብሕጊ ከመይ ይረአ? ድሕሪ ክንደይ ደዩ ኸ መስርሕ ውርሻ ክኽፈት ዘለዎ?*

*ለተሚካኤል - ካብ ደቀምሓረ ደቀምሓረ*



ብቐጥታ ናብቲ ሕቶ ቅድሚ ምሕላፍና፣ ሓፈሻዊ ብዛዕባ ሕጊ ውርሻ መብርሂ ክንሂብ። ሕጊ ውርሻ ማለት ወዲ ሰብ ኣብ ዓለም ብሂወት እንከሎ ዝጠረዮ ንብረት ናብ ካልኦት ሰባት ብኸመይ ኣዘራርባ ናብ ወረስቱ ዝመሓላለፈሉ ኣገባብ ዝድንግግ ክፋል ሕጊ ኢዩ። ትርጉም ሕጊ ወርሻ ኣሚቱልና ከምዝሎ ዕላማ ናይ'ዚ ሕጊ መዋቲ ንዝገደፎ ንብረት ብሕጋዊን ስሩዕን ኣገባብ ናብ ወረስቱ ተኸፋፊሉ ከምዝበጽሕ ምግባር ኢዩ።

ኣብዚ ሎሚ እዋን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝሰርሓሉ ዘሎ ሕጊ ወርሻ ንኣተኣባብራ ንባህልን ልምድን ሃይማኖት ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዘንጸባርቕ ኢዩ። በዚ መሰረት ዋላ'ኳ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ተኣዊፉ ዘሎ ሕጊ ወርሻ ተመሳሳሊ ዕላማ እንተለዎ ኣብ'ቲ ትሕዝቶታቱ ጥልቕ ኢልካ እንተርኢኻዮ ግን ፍልልያት ኣለዎ። ካብ ሓደ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ወሽጢ ሓንቲ ሃገር ወን ከይተረፈ ምስ ብዙሕነትን ፍልልያትን ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዝተፈላለየ ሕጊ ወርሻ ክህሉ ይኽእል ኢዩ።

ወርሻ ኢልና ንዛረብ እንተድኣ ሃሊና ምስኡ ተታሓሒዙ ዝመጽእ ሞት ናይ ወዲ ሰብ ኢዩ። ወዲ ሰብ ካብ ዓለም ብሞት ምስ ተፈልየ ንብረቱ ብሕጊ ወርሻ ኢዩ ዝመሓደር። ሰብ ብሂወቱ ከሎ ስለዘይወረስ ወርሻ ድሕሪ ሞት ዝመጽእ ኣምር ኢዩ። ስለዚ መስርሕ ውርሲ መዓስ ኢዩ ዝኽፈት እንተኢልና፣ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ውርሲ ካብ'ታ መዋቲ ትንፋሱ ዝሓለፍትላ ህሞት ኣትሒዙ ከም ዝኽፈት ደንጊጉ ኣሎ። መስርሕ ውርሲ መዓስ ከምዝኽፈት ኣዝዩ ምግላጽ ብዙሕ ኣገዳስነት ክህልዎ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፣ እቲ ቀንዲ ግን ኣብታ መዋቲ ዝሞተላ ግዜ ካብቶም ወረስቲ በዓል መን ብሂወት ነይሮም በዓል መንከ ቅድሚ መዋቲ ሞይቶም ንምፍላጥን ብቕዓት ወራሲ ንምርግጋጽን ዝዓለመ ኢዩ።

መስርሕ ውርሲ ኣበይ ቦታ ኢዩ ዝኽፈት? መስርሕ ውርሲ ኣብ'ቲ መዋቲ ከም ቀንዲ መንበሪኡ ገይሩ ዝቕመጠሉ ዝነበረ ቦታ ኢዩ ዝኽፈት። ሲቪላዊ ሕግና መስርሕ ውርሲ ኣበይ ቦታ ክኽፈት ከም ዘለዎ ምግላጹ ምስ ውርሲ ተታሓሒዞም ዝለዓሉ ክርክራት ኣብ'ቲ ቀንዲ መንበሪ ቦታ ናይ መዋቲ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ምእንቲ ክዳን ኢዩ። ብመሰረት ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓት ኣብ ናይ ውርሲ ጉዳያት እቲ ናይ ዳኝነት ስልጣን ነቲ ኣብ ቀዋሚ መንበሪ ቦታ ናይ መዋቲ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ኢዩ ተዋሂቡ ዘሎ። ስለዚ፣ መዋቲ ብዓልቤትኪ ኣብቲ ንስኺ እትቕመጥሉ ቦታ እንተኾይኑ እቲ ቀዋሚ ነገሩ፣ ዘቕረብክዮ ሕቶ ተቐባልነት ክህልዎ እዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
ቁ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቁ.ስ 201820(2217)
ፋክስ 127749 - ቁ.ሳ.ጾ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ. 200454 - 07121322

ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጾ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለሰ
ምስጋና ተዓገስ
ሰላም ክፍለማርያም
ኣስቴር ካሕሳይ

## ሎሚ - መደባት ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | open mic |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ብቐጥታ |
| 15:30 | ሞዚይክ |
| 17:51 | ኖሪት |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:15 | Wild Drake E-20 |
| 20:00 | ዜና ዓረብ |
| 20:20 | ልዝብ መንእሰያት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መርሓብ |
| 22:15 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:30 | Wild Drake E-19 |
| 23:20 | Film |

## ማህደር ታሪኽ

ኣማረ ወልዳኣብ

# ታሪኽ'ዛ ስእሊ

5ይ ክፋል

ብርሃነ ጸሓይ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ውግእ እናሓየለ ከይዱ። ባይታ ብኣዕሊ ሓዊ ብታሕቲ ሓዊ ተኣጒድዋ፡ ናብ ፍጹም ባርዕ ተቐይሩ። ምፍሳስ ደም ንጹሃን ንስለ'ዛ ሓላል መሬት እናበዝሓ ከደ። ኣብ ዓውደ ውግእ ውጥረት እናተረረ ክኸይድ እንከሎ ተባዕታውነት ጅግና ማዕረኡ'ዩ ዝድይብ። ጅግንነት ጠራራይ'ውን ማዕረ-ማዕረ እቲ ክብደት ሰገመ። ምስ ኣብ ትሕቲኡ ዘለው ብጾቱ ከም ማይን ጸባን እናተወሃሃደ ንጸላእቱ ምድልዓፍ ቀጸለ። ዝተወግኡ ከምዝሕከሙን ዝኣለዩን ዝተሰውኡ ከምዝቕበሩን ናይ ምግባር ሓላፍነቱ ኣይዘንግዖን ጥራይ ዘይኮነ ብዝለዓለ ደረጃ ይዋስኣሉ ደኣ ነበረ።

ብርግኣትን ምቕሉልን ድምጹን ኣስማት ዝፈትዎም ብጾቱ እናረቖሐ "እገለ ከም'ዚ ግበር፡ ወዲ እከለ እዚ ግበር" እናበለ ልዑል ሓልዮት ብጾቱ ኣርኣየ። ንኡብሱ ክንዲ ክንቲት እናፍከሰ ንብጾቱ ግና ጥይት ጸላኢ ከይትረኽቦም ብምስጋእ ብህልሓት ቀለሶም። እዚ ኹሉ ዝገብር ዝነበረ ብኞማኡን ጸጋሙን ዝነበሩ ኣሃዱታት ናጻ ኮይነን ንኽዝለቓ'ዩ። ኮሳ ኽኣ ጸላኢ ኩሉ ዓቕሚ ሰቡን ኣጽዋሩን ኣኻኺቡ ናብ ጋንታታት በዓል ጠራራይ ኣዘዞ። ምኽንያቱ ዝበርተዐ ተቓውሞ ብኡ የጋጥሞ ስለዝነበረ። ሳላ'ዚ ጸቢቕ ብልሓትን ኑብሰ ተወፋይነትን ጠራራይ እተን ብኹሉ ማእዝናት ዝነበራ ኣሃዱታት መስተርሆት ረኺበን ብሰላም ኣዝለቓ። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ ተሪር እምቢታኡ ዘርኢ ዝነበረ'ምበር ብደስኖሊን ዝጸገበ ተጋዳላይ ምኳኑስ ማንም ዝፈልጦ'ዩ። ዘረባ ብጾቱን ሓለፍቱን ብዘየገድስ'ዩ ዘኽብር።

ጠራራይ ንብጾቱ ድኣሉ ጥይት ጸላኢ ከይረኽቦም ዝሰግእ ነይሩ'ምበር ንኡብሱ ግምት ይህብ ኣይነበረን። ሳዕልን ታሕትን እናበለ ምስ ቅልጣፈ ንፉስ ዝዞመድ ምንቅስቓሳት ኣርኣየ። ኣብ ከም'ዚ ሃዋሁ እንከሎ ከኣ'ዩ ኣፍልቡ ብጥይት ተወቒዑ ናብ መሬት ሰጥሒ ዝበለ። ኣብ መስመር ጀጋኑ ከይወጽአ ዝመሓለ ጠራራይ ኣብ'ቲ ነቐ ዘይብል ዕላማኡ ወደቐ። ነዚ ዝተገዝበ ብጾቱ ከልዕልዎ ተጓየዩ። ንሱ ግና "ግደፉኒ! ኑበሸኹም ጥራይ እለዩ" በሎ። ሓንቲ ቦምባ ቻይና ብዘየገድስ ኣብ ኢዱ ዓትዒቱ ብምሓዝ "ቀልጥፉ፡ ካብ'ዚ ከቢ. ርሓቑ" ክብል ደጋጊሙ ተማሕጸኖም። ምስ ከቢድ መውጋእቱ ቦምባ ኢድ ጨቢጡ እንከሎ ዝርኣዩ ብጻዩ ዓንደም ነጋሽ/ወዲ ነጋሽ/ ከኣ'ዩ "ኣየ ጠራራይ ጅግና" ክብል ብልዑል ኣድናቖት ዝገልጾ። እቶም ከም ወላዲኦም ዘፍቅርዎ ኣብ ትሕቲኡ ዝኣለዩ ብጾቱ ነቲ ተጀላዓዒፉ ዝነበረ ኣካሉቱ ተቐላጢፎም ብምጽናዕ ተሰኪሞሞ ተበገሱ። ኣብ ሓንቲ ልግስ ዝበለት ጉላ መሰልቦታ ደማ ኣሰሪፉዎ። ካብ'ቲ ዝወደቐሉ ናብ ድሕሪት'የም ኣውጺኦሞ። ናይ ጋንታ ሓኪም ዝነበረ የናስ ክብሮም ንሂወት ጠራራይ ከድሕን ዝከኣሎ ይገብር ነይሩ። ከም'ዚ ሓልዮታዊ ተግባር እናፈጸመ እንከሎ ንገዛእ ርእሱ ተሰውአ - የናስ።

ድሕሪ መውጋእትን መስዋእትን ምብዛሑ ብኣንጻሩ ዓቕሚ ጸላኢ እናተደረበ ከደ። ብዙሒ ወራሪ ሰራዊት ብዕጽፍጻፍ ወሰኸ። ነዚ ዘስተብሃለ ጠራራይ ቦምባኡ ክፍንጀር ምዕይዕይ በለ። ብጾቱ ከሕድግዎ'ኳ እንተፈተኑ "ርሓቑ ጥራይ" ብምባል ብዘድሪ መሰሰሎም። ጸይርሞ ክወጹ ከምዘይክእሉ'ዩ ገሚቱ። ብጾቱ ብሰላም ወጺኦም ኣብ ዝጥዕሞም ቦታ ኮይናም ክከላኸሉ'ዩ ነይሩ። ንሱ ንዘመጸ ጸላኢ ለኪሙ በጃኦም ክሰየፍ ሕርያኡ ገይሩዎ። ብድሕርዚስ ንሱ'የም'ውን ዝያዳ ክሰራ ምብዛሕ ምኽኑ ኣስተውዒሎም ካብኡ ክርሕቁ መረጹ። እታ እንኮ ምርጫ ንሳ ጥራይ'ያ ነይራቶም። ኣጸቢቖም ከይረሓቑ እንከለዉ ከኣ፡ ሸሾ ሰራዊት ጸላኢ ዕጉግ በሎም። ሰማያት ገምሃሎ'ን ከበኡን'ውን ብፈርቲ ጸላኢ ተኣከኡ። እተን ነፈርቲ እናገርምረማ ሕፂንታኣን ቀጸላ። ንረዳት ሐዘንኡ ዝመጸ ሰራዊት ከኣ ኣብ ዘዘመቶኣን ቦታ ኣውረድኦ።

እቲ ኣብ ኢድ ጸላኢ ክወድቕ ዘይደለየ ጠራራይ ደማ ነታ ኣብ ኢዱ ጨቢጥዋ ዝነበረ ቦምባ ቻይና ሂው! . . . ኣበላ። ዕምሪ ጅግና ሓጺር'ያ። ምኽንያቱ ዋናኣ ካብ ሕሰረት - ታሪኽ ሰሪሒካ ምሕላፍ'ዩ ዝመርጽ። ተዓዊትካ ምውጻእ ዝተመርጸ ነይሩ፡ ግና ኣይተኻእለን። ዕለት 26-02-1999 ንትንፋስ ጠራራይ ከተሰጋግራ ፍቓደኛ ኣይነበረትን። ኻኣ ጓል ገምሃሎ'ውን ምስ ጸላኢ ወጊና ንዘልኣለም ውሒጣቶ ክትነብር መረጸት። ጅግና ምሕረትኣብ /ጠራራይ/ ነዛ ሓጻር ዕምሪ ዘልኣለማዊት ብምግባር በጃ ብጾቱን ሃገሩን ሓለፈ። ሂወቱ ሂቡ ሂወት ብጾቱ ኣድሐነ።

ምሕረትኣብ ሳላ ዓቢ ልቦናኡ በዓል ሓዳርን ኣላይ ስድራን'ዩ ነይሩ። ካብ'ታ ኣዝዩ ዝፈትዋ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ርግበ ዘርኣይ ክልተ ኣውዓት ወሊዱ። ተኽልማርያምን መርሃዊን ክብሉ ከኣ ሰመዮም። ነዞም ፍቑራት ውላዶም ከዕብዩ ድማ ዝከኣሎም ጻዕሪ ኣብ ምኪያድ ተጸሚዶም ነበሩ።

ምሕረታኣብ ኣብርሃም /ጠራራይ/ ካብ'ዞም ኣብዛ ስእሊ ዘለዉ ብወገን ጸጋም ዘሎ'ዩ። ካብ ብጾቱ ከኣ ኣብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ተፈልዩ ኣሎ። ኣሰር እዮብ ሰዒቡ። እዛ ስእሊ'ምበኣር ክልተ ሰቡት ጎዳሎማ ኣለው። እዞም ተረፍም ዘለው'ኸ? ዝቐጸለ ጽሑፍና ክምልሶ'ዩ - ንቐጽል።

መሓመድ ዓሊ

"ሓያል ተኳሳይ'ዩ! ፈትሊ'ዩ ዝበትኽ! ጅግኑ ዓይኒ'ዩ ዝበጥጥስ! ኣየ'ወ ኣየርኢይኻ ከዕጻርን ክትክሉሰን ሓደ'ዩ። ጸላኢና ኣንጻሩ ይተዓጠቕ። ሓሞትካ ንዕኡ ምስዛበ ንኻልእ ኣይዛበን። ክላ ዋእ! ኣደ ወሊዳ ትምሸን" ክብሉ'የም ብዙሓት መጋድልቱ ዝገልጽዎ። ንጅግንነቱን ወተሃደራዊ ብቕዓቱን ብዕምቆት ይትንትንዎ። ነዚ ዕላል ክሰምዕ እንከለኹ መሓመድ ዓሊ ኣድሪስ ዓሊ እዩ ዝቐጀለኒ። ንድሕሪት እናተመለስኩ ነቲ ብኣካል ዝፈልጦ ጎይታ ኹሉ ዝኾነ መሓመድ ዓሊ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ብሓሳብ እናምጻእኩ እቕርጾ።

ብ1974 ካብ ማህጸን ወላዲቱ ወ/ሮ ኣምና ኢብራሂም ኣብ ሕምብርቲ ከበቢ ኣስማጥ ንኢስ ዞባ ኣስናዳ'ዩ መሓመድ ዓሊ ነዛ መሬት ጀጋኑ ዝተቐልቀለ። ዘኽብራ ወላዲቱ ወ/ሮ ኣምና ብዘርቲዕ ጻዕሪ ወዲ ምስተገላገላ ምስ ቤተሰብ ብምርድዳእ "መሓመድ" ክብሉ ክቡርን ዝውቱርን ስም መጸዋዕኡ ክኸውን መረጸሉ። እዚ ቀይሕን ፍቱውን ዕሸል ሽዑ እንታይ ዓይነት ሰብ ክኸውን ምኳኑ ዝርድኦ ኣይነበረን። ኣብ ትሕቲ'ቶም ብመንሰን ማሕረሰን ህይወቶም እናመርሑ ዝብጽሑ ዝበሩ ሰድራኡ ኮይኑ ደማ ብኣኽብሮት ዓበየ። ጸባን ሰጋን ዝመልኦ ሽሻይ ወሊዱ እናተቛደሰ ብልዑል ፍቕርን ክንክንን - ብኹሉ መዳያቱ ብሱልን ድልዱልን ኮይኑ ዓበየ። ወናኒ ዘቐንእ ሰውነትን ምሉእ ጥዕናን መንእሰይ ንክኸውን ግዜ ኣይወሰደን።

ነታ ጠጥዑሙ እናመገበትን ጸጸቢቑ እናኸደነትን ሓብሒባ ዘዕበየቶ ስድራ ክኽሕስ ድማ ኾቐለ። ገና ብንእሱ እንከሎ ጥሪት ከውፍርን ዝተዋህቦ ስራሕ ከተግብርን ብዘለዎ ዓቕሚ ሓገዝ ምሃብ ጀመረ። ነቲ ሩባን ኩርባን ዝመልኦ ዓዱ ከም ኢራብን ኦብርን ካብን ናብን እናተናጠረ ስርሑ ብትግሃት ይዓምም ነይሩ። ክሳብ ሩባ ቁሽ፡ ሩባ ሽጋለ፡ ታባ ዓሰርተ፡ ፍኒግ፡ ርሀይ፡ መሉብሶን ደረቓልን ንኽንቀሳቐስ ዝእግቶ ኣይነበረን። መሓመድ ዓሊ ኣብ ከበበኡ ተጋደልቲ ብጾዕቂ ክንቀሳቐሱ ምስርኣየ ኣእምሮኡ ብኣታቶም ክስሉብ ግዜ ኣይወሰደን። ብፍላይ መሳጢ ዕጥቆምን ኣከያይዳኦምን ምስተመልከተ፡ ሃሙ-ቀልቡ ምስኣቶም ተዓዚሩ። ስጡም ስርን ጋምባለን ለቢሶም፡ ነጸላኦም በዝባይኖም ሕብርታት ኣወቂቦም ብውሕልና ጠወዮም፡ ገለ ኣብ ኣራእሶም ጠምጢሞም፡ ገለ ኣብ ክሳዶም፡ ገለ'ውን ኣብ መኽብቦም ተቐኒቶም፡ ኣካሉቶም ፍሉይ ግርማ ናይ ጅግና ተላቢሶም ምስተመልከቶም ከኣ'ሞ ኩሉ ዋኒኑ ሓዲጉ ምስኣታቶም'ዩ ሰለለ። እቲ ንጡፍን ጥንቑቕን ምንቅስቓሳቶም ንዝኣተዎ ሰምዒት ደርዒ ወሰኸሉ። ብዚይ ዕርፍቲ ለይትን መዓልትን ሳዕልን ታሕትን ዝብሉ፡ "እንታዎት'የም? እንታይ'ከ ይሰርሑ? ካበይ'ከ መጺኦም!?". . .ብዝብሉን ካልኦትን ሕቶታት ሓንጎሉ ተኣከኦ። እዚ ሕቶታት'ዚ ኣብ ውሽጡ ባልባሊታ ሓዊ ኣጒዱ ምጃሩ ኣሰኣኖ። መልሲ ንምርካብ ንሰድራኡን ፈለጥቱን ጸዕቂ ሕቶታት ብምዝንብ ኣጨነቖም።

እቶም ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ወለዱን ፈተውቱን ግና ሃንደራእ ኢሎም ደቂቕን ንጹርን መልሲ ክህብዎ ኣይመረጹን። ምኽንያቱ ቁልዓ ብምዃኑ ካብ ጸላኢ ከቢድ ማዝዘ ከይወርዶ ስለዝሰግኡ። "እዚኦቶም ኣሕዋትናን ደቅናን'ዮም" ዝብል ሓጺር መልሲ ጥራይ ይዋሃቦ ነበረ። እዚ ቁርጽ ዝበለ መልሲ'ዚ ግና ንመሓመድ ምሉእ ዕግበት ዝሀቦ ኣይነበረን። ነቲ ሓቀኛ መንነቶምን ዕላምኦምን ፋሕቲሩ ክይፈለጠ ክድቅስ ኣይከኣለን። ስለዝኾነ ኸኣ ነዚ ጉዳይ መልሲ ወለዱን ዓበይትን ሰር-መሰውሩ ከውጽእ ወጊሑ-ጸቢሑ ተሪርን ጽዑቕን ሕቶኡ ቀጸለ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ሓቂ ተጋሃደሉን ፈለጦን። ብኡ ንብኡ ድማ ርሱን ስምዒት ኣተዎ። ፍቕርን ቅንእን ናይ'ቶም ንሃገርን ህዝብን ክብሉ መላእ ኣካሎም ዘወፈዩ ተጋደልቲ ሰረጾ። ኣብ ዓጽመ-ስጋኡ ሰርሰሩ ተዋሃሃዶ። ኣነ'ውን ኣብ ጎድኖም ተሰሊፈ ንዓታቶም ክመስል ኣሎኒ ዝብል ወኒ ኣብ ኣእምሮኡ ዘርአ። "ተበገስ! ተልዓል!" ዝብል ናይ ቅዱሳን ደወል ኣብ ውሽጡ ኣጋወሐ። ብኸመይን መዓስን ከምዝጽንበርም ክሓስብ ከይደቀሰ ይውዕልን ይሓድርን ነበረ። ቅሳነት ዝሃበ ሓርበቶ። ተጋደል! ተጋደል! ዝብል መቐልሕ እናቃጨለ ከምሕሰም ረበዖ።

ይቕጽል



# ልዝብ

መ/ም ኣብርሃለይ ሃብተ

# ኣብ ድልያ'ዩ ዘሎ

“እዚ ናይ ፍጥረት ነገር ኣይገርመካን?” ኢለዮ ኺ ኸይ ይኸይድ ንዘበረ ዓርከይ። ኣብ መንገዲ ኢና ንኸይድ ኔርና። ብውሽጠይ ዝሓሰቦ ዝነበረ ነገር'የ ኣተንፈስሉ።

ፍጥረት ወይ ድማ ባህሪ ብዙሕ ዝገርም ነገራት ዝመልአ እዩ። ብሓደ ነገር ተገሪምካ ከይወዳእካ ካልእ ዘገርም ነገር ጎፍ ይብለካ። እንስሳታት፡ ባሕሪ፡ መሬት፡ ሰማይ። ኣብ ፍጥረት ዘይገርም ነገር እንታይ ኣሎ? ንኣብነት ጠሚትካ ዘገርም ነገር ትርኢ። ኣብ ሰማይ ዝተጠንጠለ ሙብራህቲ፡ ወርሒ፡ ከዋኽብቲ። ንታሕቲ ድማ ቁልሕ ትብል እሞ ኣብኡ ድማ ኣትክልቲ ትርኢ። እዚ ሓንሳብ ቀጠልያ ይኸድን ሓንሳብ ድማ ፍረ ይህብ። እግሪ የብሉን ግን ኣይወድቕን። ካብኡ ቁልሕ ኢልካ ድማ ሰብ ትርኢ። ሰብ እዚ ማስተንክር ፍጥረት። ሰብ ርእሲ ኩሉ ፍጥረት እዩ። ሰብ ማስተንክር።

“ብኮምፒዩተር ዝገረም?” ኢሉ ንርእሰይ። “ካልእ ኣሎ እንደዩ ካብኡ ንኣብነት ዘገርም።” ብሓቂ ኮምፒዩተር ትገርመኒ እያ። “ከመይ ገይሮም እዮም ሽደዮ ክገርእየላ ከም እንኽእል ገይሮም ሰሪሖማ? እዚ ንኮምፒዩተር ዝሰርሐ ኣእምሮስ!”

መልሲ ናይ ዓርከይ ካብ ሓሳባተይ መለሰኒ።

“ንዓይ ዝገርመኒ ንኩርኩር መን እግሩ ሓፍ ኣቢሉ ክሸይን ይምህሮ?” ኢሉ ሓተተኒ። “ምናልባት እግሩ ሓፍ እንተ ዘይኣቢሉ ንኣኢጋሩ ክሸኑ ይኽእል ይኸውን። ወይ'ውን እግሩ ሓፍ እንተ ዘይኣቢሉ ንፍሕኛኡ ኣይጥዕሞን ይኸውን።”

በዚ ናይዚ ዓርከይ ምፍልሳፍ ከይገረመኒ ኣይተረፈን። ንፍጥረት ብዙሓት እዮም ዝዕዘብዎ። ገሊኦም ፍጥረት ይገርሞም እሞ መዝሙር ይዝምሩሉ። “ኣነ ኣዝዩ ዝገርመኒ ፍጥረት'ዩ ንወርሒ ዛ ናይ ኩላትና ሙብራህቲ፡ መን ብዓሽት ይውልዓ፡ መን ብቖትሪ የጥፍኣ?” ኢሉ ይሓተላ ገጣሚ። መልሲ ደልዩ ግን ኣይኮነን። እዚ ሰብ እዚ ብርዒ ኣልዒሉ ግጥሚ እንተ ጸሓፈ፡ ክራር ኣልዒሉ ንክራሩ ብሕቶ እንተ ኣዋጠራ ካብ ክራሩ ወይስ ካብ ካልእ ሰብ መልሲ ደልዩ ኣይኮነን። ከም ጽሉል እንተ ተሰርሐ ድማ ፍጥረት ምግራም ስለ ዝመልኦ እዩ።

ገሊኦም፡ ኣብ ፍጥረት ብዝርእይዎ ነገር “ንምንታይ ከምዚ ኮይኑ? ንምንታይ ከምዚ ኣይኮነን?” ኢሎም ይሓቱ። ሕቶኦም ንባዕሉ ርእሶም ዝኸውን መልሲ ንምርካብ እዩ። እዚኦም ድማ መልሲ ክሳብ ዘይረኸቡ ፍጹም ኣይዓርፉን እዮም። ንካልእ ሰብ ርዱእ መሰሉ ዝረኣዮ ነገር ንዖኦም ዘይተመለሰ ሕቶ እዩ። ሽሉል ኢሎም ድማ ኣይሓልፍዎን።

ወዲ ሰብ ምስ ዘይተመለሰ ሕቶ ክነብር ኣይኮኑን እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ሕቶኡ ክምልስ ሃሰስ ምስ በለ እዩ። ፍልስፍና ድማ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ሕቶን መልስን ጭርጭር ይመስል። እቲ ፈላስፋ ድማ ኑቲ ካብኡ ተሓቢኡ ዘሎ መልሲ ኣብ ፈቐዶኡ ዝደሊ ሰብ ይመስል። ብዙሕ ሰብ፡ “ደኺሙ፡ መልሲ እዚ ሕቶ ድማ ቀሊል ኣይመስለን። ብዓል ኣነ እንኽእሎ ሕቶ ድማ ኣይኮነን። ኢደይ ሂበ ኣለኹ። እቶም ተሓቢኦም ዘለዉ ሓቅታት ክሳብ ባዕሎም ዝመጹ ኮፍ ኢለ ክጽበዮም'የ” ይብል።

ፈላስፋ ከምዚ ሰብ'ዚ ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ኣብ ዝኣተዎ ኣትዩ መልሲ ክረኽበሉ ዝፍትን ሰብ እዩ። ምብርታዕ እቲ ሕቶ ኣየሰንብዶን። ከይተመለሰ ጊዜ ምውሳዱ'ውን ኣየሸግሮን እዩ። ብህይወት ክሳብ ዘሎ ክደልዩ ኣይጸገሞን እዩ። ንሱ እንዳ ሕቶ ከይዱ ደኣ ማዕጾ ይኹሕኩሕ እምበር መልሲ ሕቶኡ ኣብ ገዝኡ መጺኡ፡ “መጺአ ኣለኹ ክፍለዮ ኣይጽበይን እዩ።” መልሲ ሕቶኡ፡ “መጺአ ኣሎኹ” እንተ ዝበሎውን ዝሕጎስ ኣይኮነን። እቲ መቐረት ኣብ ምድላይ'ዩ ዘሎ።


ካብ መልሲ እቲ ሕቶ ዝረኸብዎ ረብሓ የለን። እቲ እንኮ ዝረኸብዎ ረብሓ ብምምላስ እቲ ሕቶ ዝረኸብዎ ዕረፍቲ ጥራይ እዩ።

ተገሪሞም ዘይሓልፉ ድማ ኣለዉ። ስነ-ፍልጠት ክንዮ ስነ-ጥበባን ፍልስፍናን ክኸይድ እዩ ዝደሊ። “ንፍጥረት ግጥሚ ጥራይ ጽሒፍካሉ፡ ብክራር ጊርካ ድማ ኣዚምካሉ እኹል ኣይኮነን” ይብል። “ብዘዕባኡ ተፈላሲፍካ ትም ምባል ድማ እንታይ'ዩ ፋይዳኡ?” ድማ ይደግም። “ንፍጥረት ምስጢሩ ክትብርብሮ ኣሎካ። ፍጥረት ከመይ ኢሉ ከም ዝዓይይን ከም ዝሰርሕን ክትፈልጦ ኣድላዪ እዩ። ዳሕራይ ድማ ኣብ ረብሓ ሰብ ተውዕሎ። ፍጥረት ኣብ ረብሓ ሰብ ክሳብ ዘይወዓለ ድማ እንታይ እዩ'ሞ?”

ኣይዛክ ኒውተን ኣብነት እዩ። “እዛ ቱፋሕ ንምንታይ ናብ መሬት ወዲቓ? ንምንታይ ንሰማይ ኣቢላ ዘይተወንጨፈት?” ኢሉ ‘ዓሻ’ ሕቶ ሓቲቱ። “ከመይ ኢላ ቱፋሕ ናብ ሰማይ ትወድቕ? ቅድሚ ሕጂ ቱፋሕ ናብ መሬት እዩ ዝወድቕ ነይሩ። ድሕሪ ሕጂ ድማ ናብ መሬት'ዩ ክወድቕ። ንርዱእ ነገር መግለጺ ክትህበሉ ኢልካ ምፍታን ግዜ ምጥፋእ እዩ” ዝበሉ ኣይተሳእኑን ነይሮም ይኾኑ እዮም።

ኒውተን ስሕበት ዝበሃል ነገር ከም ዘሎ ምስ በጽሐ ግን ነፈርቲ ይኹና ካልኦት በረርቲ ነገራት ኣብ ሰማይ ክበራ እንተ ኾይነን ካብዚ ናይ ስሕበት ሓይሊ ዝዓቢ ሓይሊ ከም ዘድልየን ፍሉጥ ኮነ። በዚ ምኽንያት ድማ ነዚ ናይ ስሕበት ሓይሊ ፈንጢሰን ከም ዝበራ ኮይነን ንኽሰርሓ ኣፍደገ ከፈተ።

ኣዝዩ ብዙሕ ሰብ ኣዒንቲ ኣለዎ። ብምድናቕ ዝምላእ ግን ኣዝዩ ውሑድ እዩ። እቲ ንፍጥረት ዘድንቕ ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ነገራት ይሓልፎ ከም ዘሎ ኣየስተብህለሉን'ዩ።



# ሓቀይ ድየ?

ቋንቋ ቃል ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ቋንቋ ተሰሪሒጉ ዘሎ ባህሊ፡ ኣተሓሳስባ፡ ኣጠማምታን ካልእ እቲ ቋንቋ ጺዩርዎ ዘሎ ነገራት ክሳብ ዘይፈለጥካ ንሓደ ቋንቋ መሊኸዮ'የ ክትብል ኣይትኽእልን። ኣብ ከተማ ንሓደ ብፍቱ ቋንቋ መንገዲ ስለ ዝሓበርካዮ፡ ወይ ድማ ቤት መግቢ ኣበይ ክረኽብ ይኽእል ስለ ዘርኣኻዮ ንቋንቋኡ ጸቡቕ ገይረ ፈሊጠዮ ኣለኹ ክትብል ኣይትኽእልን።

ኣብ ኤርትራ እናነበረ ንቛንቋ እንግሊዝ ‘ማስተር’ ገይረዮ እየ ወይ ድማ መሊኸዮ እየ ዝብል ሰብ ኣሎ። ምስ ካልእ ሰብ ኣረኣእዩ “ካብ ካልእ ሰብ ዝሓሸ ክዛረቦ እኽእል እየ፡ ክሰምዐውን ብዙሕ ጸገም የብለይን” ይብል እዚ ሰብ። ሓደ ንቋንቋ ኣዲኡን ንቋንቋ እንግሊዝን ጸቡቕ ገይሩ ዝመልኽ ሰብ፡ “ንክልቲኡ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮይ ክጥቀመሉ ኣይጸግመን እዩ። ብቋንቋ እንግሊዝ ዋዛ ክዛረብ ግን ፍጹም ኣይኮነለይን እዩ፡ ብፍጹም ክዛረቦ ዝኽእል ኣይኮነን” ክብል ተኣሚኑ።

ቋንቋ ግን ክንዮ ቃላት ዝኸይድ እዩ። ክልተ ቋንቋ ኣዲኦም ሓደ ዝኾኑ ብሓደ ባህሊ ዝዓበዩ ሰባት ክዘራረቡ እንከለዉ ብምንቅስቓስ ኣእዳውን ብምልውዋጥ ገጽን ብዙበልዎ ኑቲ ኣብኡ ምስኣም ዘሎ ሰብ ክሸጥዎ ይኽእሉ እዮም። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ክንዮ ቃላት ዝኸይድ ቋንቋ፡ መማቕርቲ ጥራይ ዘይኮነ ብዘይ ካልእ ደገፍ ትርጉም ዘማሓላልፈሉ እዋን ውሑድ ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ ‘ቋንቋ’ ክትሰምዕ ወይ ድማ ‘ክተንብብ’ ምኽኣል ብልህነት እዩ።

ሰባት ብዙሕ ግዜ ብምንቅስቓስ ኣእዳውን ምልክታት ገጽን ይዛረቡ እዮም። ቁብ እንተ ዘይኣቢልካዮም ከኣ ኣብ ዘይትደልዮ ወይ ድማ ክትህልወሉ ኣብ ዘይትደሊ ቦታ ክትርከብ ትኽእል ኢኻ፡ ወይ ድማ ክትገብሮ ዘይሓሰብካ ወይ ድማ ክትብሎ ዘይደለኻ ክትብል ትግደድ። ብርግጽ ንሰኻ ብኸምኡ ኣይሓሰብካዮን ግን ብኸምኡ ተተርጒሙ ይጽንሓካ። በዚ ድማ ሰሚዒት ሰባት ክትጎድእ ወይ ድማ ስምዒትካ ክጎዳእ ይኽእል እዩ። ገሊኡ ሰብ ድማ ብኸምዚ መንገዲ ክዛረበካ ከም ዝኽእል ክተስተውዕል እውን ኣድላዪ እዩ።

ሓደ መንእሰይ ንሓደ ምኩር ገጣሚ ሰብኣይ፡ “በጃኻ፡ ግጥሚ ጽሒፈ ኣሎኹ እሞ ክንብበልካ ርእይቶኻ ሃበኒ” በሎ። እቲ ሰብኣይ ገጣሚ ክሰምዖ ፍጹም ይደሊ ኣይነበረን። ሓንሳብ፡ “ሎሚ ቆጸራ ኣሎኒ” ይብሎ። ካልእ ግዜ፡ ድማ ካልእ ምኽንያት የቕርበሉ። ብደምዲ-ኣልቦ ቋንቋ ኣቢሉ፡ “ግጥምኻ ክሰምዕ ድሌት የብለይን” ክኣ በሎ።

እቲ መንእሰይ ግን ኑቲ ሰብኣይ ፍጹም ‘ክንብቦ’ ኣይከኣለን። እቲ ሰብኣይ ካብቲ መዋጥር ክወጽእ ዝኸኣሎ ገበረ። እቲ መንእሰይ ግን መህደሚ ዝኸውን ኣይከፈተሉን።

እቲ ሰብኣይ ዳሕራይ ክወጽእ ከም ዘይክእል ምስ ፈለጠ ንግጥሚ እቲ መንእሰይ ክሰምዖ ተሰማምዐ። ይኹን እምበር እቲ መንእሰይ ገጣሚ፡ ግጥሙ እናንበበ እንከሎ ድቃስ ወሲድዎ ዕዝር በለ። ወዮ መንእሰይ ምንባብ ወዲኡ ቁሊሕ እንተበለ እቲ ሰብኣይ ደቂሱ።

ሕጂውን ዘይተረድኦ መንእሰይ፡ “እሞ እንታይ እዩ ርእይቶኻ?” በሎ።

“እዋእ?” በለ እቲ ሰብኣይ። “ርእይቶይ እኮ ሂበካ እየ።”

“እናንበብኩ እንከለኹ እንዲኻ ደቂስካ፡ ” መለሰሉ እቲ መንእሰይ። “ዘይሰማዕኩዎ እኳ፡ ከመይ ኢልካ ‘ርእይቶይ ሂበካ እየ’ ትብለኒ?”

እቲ ሰብኣይ ብሓቂ ርእይቶኡ ሂብዎ እዩ።

ብ‘ምንባብ’ ከምዚ ዝኣመሰለ ‘ድምጺ-ኣልቦ ቋንቋ’ ሓያል ክትከውን ኣዝዩ ተደላዪ ነገር መሰሉ ይስመዓኒ። ከምዚ ዝኣመሰለ፡ ሰባት ናይ ‘ምንባብ’ ክእለት እንተ ኣልዩካ ከም በሊሕ ሰብ ከም ዝወስዱኻ ርዱእ እዩ። ወይ ድማ ከም ሓላዪ ሰብ ክወስዱኻውን ይኽእሉ እዮም።

“ሎሚ ተጸሊኡካ'ሎ ሓቀይ? ኬድካ ዘይተዕርፍ” ትብሎ። ብፍላይ ሓላፊ ስራሕ እንተ ኴንካ እዚ ኣዝዩ ኣድላዪ ክእለት እዩ።

“ደሓንየ” ይብለካ።

“እንታይ ክትድሕን ደኣ! እርእየካ እንደየ ዘለኹ። ኪድ ጥራይ።”

እዚ ክእለት እዚ ግን ንሓለፍቲ ስራሕ ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ሰራሕተኛውን ኣድላዪ እዩ። ከምዚ ዓይነት ክእለት ዘለዎ ሰብ ኣብቲ ስራሕ ኣተኩሩ ከም ዝሰርሕ'ዩ ዝኣመሉ። ኣብ ሰባት ዘለዎ ኣፍልጦ ድማ ክንዮ ወረቐት ዝኸይድ እዩ። ንሰባት ድማ ምስኡ ነዊሕ ዓመታት ከም ዝሰርሑ ኮይኑ ክፈልጦም ይኽእል። ሰራሕተኛ ኣበይ ኣትዩ ከድምዕ ይኽእል? ኣበይ እዩ ሓይሉ? ንኸምዚ ዝኣመሰለ ሰብ ሚስጢር ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ ሰብ ፍልጠት፡ ትምህርትን ተሞክሮን እንተ ወሲኹሉ ድማ ኣብ ዕዮኡ ኣድማዒ ሰራሕተኛ ከም ዝኸውን ፍሉጥ እዩ።

ሓደ መሳርሕተይ ዝነገረኒ ምስዚ ትተኣሳሰር ነገር ፍጹም ክርስዖ ኣይክእልን እየ። ኣብ ሓደ ቤት ጽሕፈት'ዩ ከይዱ። ኣብኡ እንከሎ እቲ ሓላፊ ስራሕ ነታ ጸሓፊት ጸዊዑ ሓንቲ ነገር ልኢኹዋ። ካልኣይቲ ነገር ድማ ክልእኻ ደልዩ ነይሩስ ሓሳቡ ቀይሩ። እቲ ሓላፊ ስራሕ ብዛዕባ እዛ ካልኣይቲ ጉዳይ ግን ቃል'ውን ትኹን ኣይተዛረበን።

“ሕራይ በሊ ቀልጢፍኪ ኣሰልጥሊዩ” ኢሉ ድማ ኣፋነዋ።

“ግን ካልእ ነገር ድማ ክትብለኒ ደሊኻ ኔርካ? ሓቀይ ድየ?”

ኣብቲ ቤት ጽሕፈት ኣይዝበር እምበር እዛ ጸሓፊት ትኩር ኢላ ትከታተሎ ዝነበረት መሰሉ ይስምዓኒ። እንተ ዘይኮነ ቃል ካብ ኣፉ ከይወጸት እንከላ ከመይ ኢላ ካልኣይቲ ጉዳይ ከም ዘላ ክትፈልጥ ክኣለት?

እቲ መሳርሕተይ፡ “ከምዚኣ ዝኣመሰለት ጸሓፊት'ያ ክትህልወካ ዘለዋ” ኢሉ። እዚ ክእለት እዚ ንጸሓፊት ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ሰብ የድሊ እዩ።



# ገጻት ሂወት

# መንግስ - እቲ ደፋር ሲናይ

ገብሩ ክብረኣብ

## 37 ክፋል

በቲ ዕለት እቲ፡ ሱልጣን ኣብ ልዕሊ መንግስ ክሉጅ ምስወዓለ፡ ነዲበኡ ሓደ ብሓደ ምእንቲ ክቀርጽ ኣብ ጥቓኡ ቀመ። ኑቲ ትርኢተ-እኩይ ምእንቲ ከይርእዩ ንዘይኩ ግዳያት ጊዲፍካ፡ እቶም መብዛሓም ‘ናይ ብሓቂ ክፍጸሞ ደዩ?’ ዝብል ሕቶ ኣእምሮኦም ዝእዎ ነይሩ። ክፉእ ምግባር ልማዱ ዝኾነ ሱልጣን ደሙ፡ ሕቶኦም ክምልስ ዝዘዓጥቀ ክመስል ካራኡ መዘዘ፡ ብጺጋማይ ኢዱ ንኣመልካቲቶ መንግስ ለቀብ ኣቢሉ ብምሓዝ ድማ ብሓይለቡኡ ተሳሓሉ። ፍርቂ ክፋላ ኣብ ኢድ ሱልጣን ተረፈት። እዚ ንሱልጣንን ኑየም ካልኦት ዓሳኸሩን ብዙሕ ባህታ ዝሁብ ግብሪ ኸኑ፡ ኑየም ካልኦት ግዳያት ከኣ ኣእምሮኣዊ ስቓይ ነበረ። እቲ ዋና ግዳይ ዝኾነ መንግስ ግን እንታይ የጋጥም ከምዝነበረ ክፈልጥ ደቃይቕ ደለዩ። ገለ ክፋል ኢዱ ክደሚ፡ ኣመልካቲቶኡ ኸኣ ካብ ኣጻብዕቱ ተመንጢላ ከምዝኸደት ክፈልጥ ዝኽኣለሉ እውን እኒ ሱልጣን ካብ ክፉእ ትርኢት ዝኣክል ዝተሰምዖም ፍስሃ ምስ ወድኡ ኩኑ።

‘ኸና እዚ ቀቀሊሉ’ዩ፡ ንዓኻ እንተዘይከኡይነ ሱልጣን ኣይኩንኩን፡’

ሱልጣን ክዘረብ ጀሚሩ። እቲ ደሃይ እቲ ንመንግስ ከም ኣሰንባዲ ሕልሚ መሰሉ ይስምዖ ነይሩ።

‘ያላ ሕጂ ንዑናይ፡ ንዑናይ ንኺድ፡ ዋላ ሓደ ከይትሕግዘዎ፡ ይቀዝዞ ግደፍዎ። ከሞቲ ክንደይ ተቓለሰ ዝዓደኩምም ሰቡት ኣብ ኣደይ ዝመንጠለ፡ ኩሉ ናወቱ ክምንጥሎ’የ’ ሱልጣን ኣዚ ምስ በለ ተበገሰ፡ እቶም ዓሳኽሩ ድማ ብበለጸ ተመራሪሖም፡ ናብ ደገ ሰዓብዎ።

እዚ ምስ ተጋጠመ ኣብታ ክፍሊ ሸበድበድ ኩኑ፡ እቲ ሸበድበድ ከኣ ኣብ ከርሲ መንግስ ንዝነበረ ስቓይ ንምህዳእ ነበረ። ብሕልፊ መሰሉ፡ ሚኪያስን ዊንታን ዝተቐርጸት ጻብዕቲ መንግስ ንምዝናንን ኑቲ ዘይጸወር ቃንዛ ንምስቶምን ዘኽእሎ ሞራልን ኣብ ምሃብ ብዙሕ ጸዓሩ። ከምኡ በሎም እውን ወዓሉ። እታ መዓልቲ እቲ እምበኣር ብዘይካ ስቓይ መንግስ ካልእ ዘይብላ ኩይና ሓለፈት።

ኣብታ ሓዳስ መዓልቲ፡ ብሰንኪ ከቢድ ቃንዛ፡ ይትረፍዶ ዘረባ ብጋበእ ምሕሳብ እውን ዝሓመቐ መንግስ ገለ ዘረባታት ክዓምጽ ጀመረ። እቲ ክትሰምዖ ኣተስፋዊን ኣተባባዒን ዝመስል ቃላት መንግስ፡ ሒዝዎ ዝነበረ ቃናስ ናይ ተስፋ ኣልቦነት ዝምባሌታት ነበረ። ‘ኣጆኹም ክሓልፍ’ዩ’ ክብል ጸኒሑ፡ ‘ኣሕ’ በሉ ከማርር ዝሰምዑ እውን ብዙሓኡ ምምጻእት ኣገምሞ። ኣብ ከቢድ ቃንዛ ተላዒሉ ኣብ ወናኡ ዘይተበገሰ ዘረባታት ይዛረብ ምንባሩ ዝበሙቲ ድማ ነበሩ።

ኣብታ ዝቐጸለት ዕለት እውን ዝተጉበረ ዘበለስ ብዛዕባ መንግስ ኩኑ፡ እታ ዝተቐርጸት ኣመልካቲቶ-ኣጻብዕቱ ኸና ቃንዛኣ ኣይበለየን። ኑቲ ቁስሊ እቲ እንታይ ብምግባርን ብኸመይን ከሕውይዎ ከምዘኽእሉ ፍጹም ስለዘይፈለጡ ኸኣ ገለ እዋን ሓመድ ብምልካይ ገለ እዋን ሸንቲ ብምኽፃው ... ረዲኤት ክጉብሩ ፈተኑ።

ሳልስቲ ምስሓለፈ እቲ ውዕወዕ ናይ ስቓይ እዋን ክርሳዕ ጀመረ። ንጉዳይ መንግስ ድማ ካልኦት ጉዳያት ክትክእዎ ወጠምጠም በሉ። መንግስ ናብቲ ክፍሊ ኣብ ዝመጸእ ከይተሳዕለ ዝቐጸ፡ ሕቶ ምኽፋልን ምሕዋልን እውን ዓቢ ኣርእስቲ ኩኑ፡ ካብኡ'ም ዕስራ ዝቐጸሩ ግዳያት መንእሰያት፡ እቶም ፍርቓም ልዕሊ ዕስራ ሽሕ ዶላር ዝኸፈሉ'የም ዝበሩ። ካብቲ ክፍሊ ብህይወት ንኽወጹ ገለኣቶም ኣርብዓ ሽሕ ዶላር፡ ገለኣቶም ድማ ሓምሳ ሽሕ ዶላር ክኸፍሉ ተሓቲቶም ብምንባሮም ግን ኸና ሰድራቤቶም፡ ፈተውቶምን ተደናገጽቲን ካብ ምሽጋር ዓዲ ኣይወዓሉን። ብዘይካ መንግስ ካብኦቶም ዝተፈልየ ዛንታ ዝበሮ መሰስ ነበረ። ንሱ ብዘይካ እተን ኣብ ሲናይ እትው ምስበለ ዝኸፈለን ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ካልእ ሰለ ዘይወሰኸ ካብቶም ሱልጣን ንሞት ዝፈረደዎም'ዩ ነይሩ።

በዚ ዝኣክል እምበኣር (ድሕሪ ሳምንቲ) ሱልጣን ምስ ጭፍርኡ መጺ'ሞ ንመንግስን ንመሰስን ፈልዩ ኣዛረቦም። ኣብቲ ዕለት እቲ ኣብ ገጽ ሱልጣን ሓገስ ዓሰልዎ መንፈሱ ድማ ፍኹስ ኢሉሉ ነበረ። ብዘይካ ኑየም ክልተ፡ ኑየም ዝተረፉ ዝተዛረቦም ዘረባ ዳግማይ ንምጉባር ተሰፋ ዝሁብ ኩይኑ ስለዝተረኸበ ድማ ‘ሓደ ክስትትሲ ኣሎ’ ዝበል ግምት ተዘርአ። እቲ ዝተገምተ እውን ሓቂ ኩኑ። ሱልጣኑ ካብ ዶባት ኤርትራን ሱዳንን ዝተኣከቡ ልዕሊ ኣርብዓ ዝኾኑ ሓደስቲ መንእሰያት ከምዝዩደኑ ድሮ ድማ ኣብ ካልእ መኸዘን ተቐቢልዎም ምንባሩ ተፈልጠ። እዚ ኣብ መንጎ እኒ መንግስ ሕብራዊ ሓሳባትን ስምዒታትን ፈጠረ። ገሊኦቶም ‘መኪን'ዙም ኣሕዋተይ!’ ክብሉ ኸለዉ፡ ገለ ኑቲ ኹኑታት ብዕላቶም ዝጠመትዎ ድማ ‘ንሳኣቶም እንተረኸቡስ ንዓና ኣይክግደሰልናን'ዩ። ብህይወት ከውጻና ኸሞን ተኽእሎ ኣሎ’ ክብሉ ተሰምዑ። ሱልጣን ባዕሉ ብዛዕባ ኣብ ሲናይ ምውጻእ ክዘርቦም ኸሎ እውን ‘ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ዝወሰኸ ባዕለይ ኣብ ዶብ እስራኤል ክበጽሕ'ዩ’ ክብል ስለዝሰምዕዎ ድማ'የም ናብ ከምኡ ዝኣመሰለ መደምደምታ ክበጽሑ ዝኸኣሉ።

ዝጸረቡ ጸሓይ ብእትብርቕ ጸሓይ እናተተኻኸኣት እዋን ክዕዙር ጀሚሩ። ዕለታት ሰሓደ ሰሙን፡ ሳምንቲ ድማ ወርሒ እናወለዳ ግዜ ተበቁጸ። ኣብቲ ክፍሊ ዝኣተወ ሓደሽ ጩራ ተስፋ ኣሰፋሕፊሑ። ብዘይካ እቲ ወትሩ እሰቓይ ዝተፈርደ መንግስን ኻልኣዩ መሰስን ኸኡ ኑየም ካልኦት ምግሪፍን ምጽራፃሲ ዳርጋ ተረፈ።

እቲ ዝተረኽየ ግፍዒ እውን በለጸ ካብ ኣፍልጦ ሱልጣን ወጺኡ ዝጉብሮ ዝበረ ጺዩቒን ሰድትትን ጥራይ ኩኑ።

ኣብ'ቲ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ግፍዒ፡ ኣብ ልዕሊ መንግስ ዘይተፈተነ ዓይነት መግረፍቲን ሳጓጺን ኣይነበረን። ሱልጣኑ ‘ካብ ዝቐትለካስ ከሳቐየካ እሕሸኒ’ ንዝበሎ ምእንቲ ከተግብር ዝከኣሎ ገበረ። ኣብ ተራ ሳግጺ ጀሚሩ ብኻራ ክፋላት ኣካላቱ ክሳብ ምውጋእ (ኣብ ርእሱ እውን ከይተረፈ) በጽሐ። እዚ ዓይነት ስቓይ፡ ብሕልፊ እቲ ኣብ ርእሱ ዝወረደ ግፍዒ ብርቱዕ ጸገም ከምጽኣሉ ስለዝጀመረ ኸኡ ሰቃይ መንግስ ክርእዩ ሃረር ዝበል ዝበረ ሱልጣን ከምዝተዓወተ ቁጸሮ።

በቲ ዕለት እቲ ነፍሲ ወከፍ ግዳይ፡ ኣብቲ ቀዲሙ ዝኸፈሎ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዶላር፡ ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ክምልእ ድቃስ ስኢኑ ቀዩ። ከምኡ ምግባር ከምዝይምልከቶም ዝቐጸርዎ መንግስን መሰስን ድማ ኣብ ሓደ ጽግዒ ተገምሲሶም ተረኽዩ። ኣብ ገጽ'ቶም ካልኦትን ኣብ ገጽ መሰስን መንግስን ቀሊሕ ብምባል ጥራይ'ኳ ኑቲ ፍልልዩ ክትፈልጥ ዝከኣል ነበረ። እቲ ትርኢት እኳ፡ ሞራልን ተስፋን ንዕምዒትን መንፈስን ሰብ ክንደይ ዝኣክል ሓይሊ ምኻኑ ክረድእ ዝተኸስተ መሰሉ ቀረበ፡ ሞራልን ተስፋን ወሸጦኻ እንተዓረበ፡ ዓለም ብምልኣ ከምዝዓረበት፡ ሞራልን ተስፋን ወሸጦኻ እንተበረቐ ድማ ሓደሽ ዓለም ከምዝበረቐትካ ምኻኑ ድማ ማስከረ። ኣብ'ቶም ብዙሓት ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ክረኽቡ'ሞ፡ ምድራዊ-ሰኦል በሎም ካብ ዝበለጸዎ ማሕደር-ሲናይ ብህይወት ክወጽኡ፡ ዝቃጸል ሃንቀውታ ነበሮም። መዓልታት ናብ ፈለጦቶም ክድውሉ ምስ ኣሕለፍዎ፡ እምበኣር ገለኣቶም (እቶም ዝበዝሑ) ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ክኸፍልሎም ዝኽእሉ ፈተውቲን ተደናገጽቲን ረኸቡ። እዚ ኸኣ ካብ ሲናይ ብህይወት ንኸይ ምውጻእ ብርቱዕ ባህጊ ትርጉም ዘልብስ ኣጋጣሚ ኩይኑ ተረኽበ። እቲ ቃል ዝተኣትወሎም ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ኣብ ኢድ ሱልጣን ከይበጽሐ ዝግበር ነገር ስለዘይነበረ ግን ምጽባይ እቲ እኹል ምርጫ ነበረ።

እቲ ተግባራት እዚ፡ ንመንግስን ንመሰስን ኣይንታዩምን ነበረ። ካብኡ ናብኡ ድማ ንመንግስ እምበር ንመሰሲ (ተስፋኡ ኣዕሪቡ ደኣ እምበር) ዝምልከቶ'ዩ ነይሩ።

‘መሰስ ሓወይ ኣነስ ሐራይ ዕድለይ ኩይኑ፡ ንስኻ ኸኣ ንምንታይ ከም'ቶም ዝድውሉ ዘለዉ ዘይትፍትን?’

መንግስ ካልኣዩ ኩይኑ ንዝበረ መሰስ ሓቲቶ። መሰስ ርእሱ ደፊኡ፡ ወዲቑ ብዘረኸቦ ንእሹቶ ሓጺን ባይታ ይሕንጥጥ ነይሩ። ኣይመለሰን። ቀሊሕ እውን ኣይበለን - መንግስ ከምዝተዛረበን ከምዘይተዛረበን ክሳብ ዝግንዘብ። ‘መሰስ፡ ምኽኻ'የ ዝዛረብ ዘለኹ። እንታይ ትሓስብ ኣለኻ? ኩላ ሰብ ትድውል ኣሎ፡ ንዓ'ባ ገለ ግበር?’ መንግስ ኑብሱ ንሞት ፈሪዱ፡ መሰስ ክድሕነሉ ዝኽእል ነገር ሃሰው ኣብ ምባል ስለዝኣተወ ምኽሩ ቀጸለ።

‘ካብ ሕሱር ህይወት ክቡር ሞት ይሓይሽ መንግስ ሓወይ’ መንግስ ኣድሂቡ ስለዝጸንሐ ደኣ ሰሚዕዎ እምበር ትሕቲ ልሳኑ'ዩ ተዛሪቡ።

‘ኢታ መሰስ ንዓይ ዘይትርኢ፡ ኣዥ ምስዚ ኩሉ ነገረይ ተስፋ ዝጉብር ዘለኹ። ናትካ ደኣ'ሞ ዘይናይ ገዝዞብ ጸገም'ዩ። ናብ ሰድራ ደዋልካዶ?’ መንግስ ሕቶኡ ክምለሰሉ ቀሊሕ ኢልዎ። ዝረኸቦ መልሲ ኸኣ ደገምካ ዘዕሕትት መሰሎ - ካብ ኣዒንቲ መሰስ ክዕጥብ ዝተዓዘሮ ንብዓት ብብዙሕ ትርጉም ሰለ ዝገጨቦ።

ጸባሕ'ታ መንግስን መሰስን ዘዕለሉላ ምሸት፡ ሱልጣን ብዛዕባ እቶም ዕስራ ግዳያት ምጽራይ ገበረ። መን ሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ወሰኸ? መን'ዩ ኸ ተስፋ ምውሳኽ ዘለዎ? ክበሃል ድማ ወዓሉ። ሽድሽተ ካብኦቶም ከምዝተሓወለሎም ስለዝተረጋገጸ እውን መቑሕ ኣእዳዎም ተፈትሓሎም። ሱልጣን ‘ያላ ውሰድዎም። ኣብቲ ደገ መኪና ኣሎ፡ ብድሕሪኡ ሰቐልዎም’ ስለ ዝበለ ኸኣ፡ ምብጋሶም ኩኑ። ኣፍንጫኦም ዓቢሶም እውን ካብቲ ስቓይ - ስቓይ ዝሸተተ ክፍሊ ወጺኦም ከዱ። እቶም ዝተረፉ ድማ በቲ ዝተፈንቀቐ ማዕጾ ንዝሉላኹ ጩራ-ብርሃን ኣማዕደዉ።



ወይ ሰብ ደቀይ

ይቕጽል...

# ሰሊልኒ ኣጠሊሶምኒ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ወግዒ መርዓ ምስ ዝለዓል ኻናትና ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ክህልወና ይኽእል'ዩ። ኣብ 2011 ንዓርከይ ብዛዕባ ዘጋጠሞ እሸከ ንሎሚ ክጸውየኩም።

ኣብ ከተማ ከረን'ዩ። ሓንቲ ስድራ ወዳ ከተመርዑ ኣብ ምድላው ዝጸበረትሉ እዋን። ድሮ መርዓ ቀዳመ-ምሸት፡ ንሕልፎት ዝለኣኹ ኣዕሩኽን ተመሃይቲ ኣቦ መርዓውን መሬት ዓይኒ ምስ ሓዘት ኣብቲ ሰፈሕ ዳስ ተኣኻኸበ። ንቕሎ ናብ እንዳጓል ክሳብ ዝኣኽለሎም ወራዶ መርዓ ኣብ እንዳ ዓርኮም ዳስ ክተሓጋገዙ ኣምሰዩ።

ግዘ እንዳጓል ካብ እንዳ ወዲ ናይ 45 ደቓይቕ ዝሓልፍ ኣይነበረን። መርዓዊ ንኣዕሩኹ ኣብ እዋን ዕስለ ከርክቦም፡ ሕልፎት ግና ኣቐዲሞም ኣብ እንዳጓል ሓሊፎም ዳስ ኣማሚቖም ክጸንሑ ምርድዳእ ተገብረ። ሕልፎት ከግልእዎ ዝበርዎ ናውቲ መዚቃን ካልእ ክተርፍ ዘይብሮ ነገራትን ጠራኒፎም ተዓለው። ድሙቕ ዕልልታን ምርቓ ኣደታትን ተለጊሶሎም ድማ ካብ ዳስ ወጹ።

እቶም ኣብጽሒ ንመዓልታት ኣብ ጸሓይ ክስጥሑ ዝቖጹ ከቡበሮኦም ተሓንገጦም በብጾብረ እናዘበጡ ጉዕዞኦም ፈለሙ። መብዘሕትኦም እቶም ዝዘብጡ መንእሰያት ኣብ ብርኮም ዘስተንፍሱ ብምንባሮም፡ ንመገዲ ከም ማይ ሰተይዎ። ወርሒ ጥሪ ብምንባሩ ድማ ኣብቲ ዘሸድዎ ከበቢ ብዙሕ መርዓታት ነበረ።

ብሆይ-ሆይታን ጨፈራን ተሰኒዮም ጉዕዞኦም ዝጀመሩ ዓርኪ ሕልፎት፡ እንዳ ጓል "በጺሕና" ኢሉም ምስ ሓሰቡ፡ ናብ ዳስ ክኣትው ተዓለው። ኣብ ኣፍደገ ዳስ ተኣኻኺቦም ድማ ንሱብ ጉዳይ ዓርኪ ሕልፎት ምምጽኦም ኣብሰሩዎም። እንዳ ጓል ዓርኪ ሕልፎት ክመጽእዎም ክጸበዩ ብምጽንሖም ብሓገስ ተቐቢሎም፡ ናብ ዳስ ክኣትው ፈቒዶሎም። እቶም ቀዳሞት ናብ ዳስ ክኣትው ዝዘብጡ መንእሰያት ጥንድ ዝተኸሉን ዘስተኻኸሉን ኣባላት'ታ ጉጅለ ኮኑ። ንሶም ስርሖም ኣዋዲዶም ክሳብ ዝውድኡ ዝተረፉ ኣባላት ናይ'ታ ጉጅለ ኣብ ቀርዓት'ቲ ዳስ ከቡበሮኦም ትሪም እናበሉ ክጸንሑ ወሰኑ፤ "ወናማት ሕልፎት መጺእናኩም፡ ኣይተኸእሉናን'ኩም፡ ንሕና እንሓድራ ዳስ ኣብ ከበኣ ካብ ዝርከብ ዳሳት መርዓ ዝደመቐት ክትከውን ኢያ። ናብ'ዛ ዳስ ዝመጸ ወናም ድማ ጓይላና ስሒብዎ ወዑ ዘራግፊላ ዳስ ኩይና ክትሓድር'ያ" ብዝሰምዕ ድሙቕ ጓይላ ንምልእ'ቲ ኣብ ዳስ ኩይኑ ክጸበዩም ዘምሰዩ ህዝቢ ኣበራበሩዎ።

ናውቲ መዚቃ ክቃንዩ ናብ ዳስ ዝኣተዉ ኣባላት ሕልፎት፡ ምጽፋፍ ስርሖም ከም ዝዘዘሙ ብመልእኽቲ ሓበሩ። ዓርኪ ሕልፎት፡ "ኣሸየ በልየ . . . መርዓትና ሒዝናያ ንዝዩ በልዩ፡ " ዝብል ደምጺ እናሰምዑ ክኣትዉ እንከለዉ፡ ክጸበ ዘምሰየ ሰብ ብሓፈሻ ኣደታት ድማ ብፍላይ ዕልልታአን ኣንጉድጉዳ።

ዓርኪ ሕልፎት፡ "እንቋዕ ደሓን መጻእኩም" ብዝብል ምዉቕ ኣቀባብላ ተረሲኖም ዳስ ምሽር ክሳብ እትሰእናም ክዕንደሩ ጀመሩ። ናይ ሃረምቲ ከበሮ'ሞ ኣይዝረብን'የ! ብዙሓ ቴንዳ ቀዲደም ሰማይ ተኽልፎም ክምስሉ ዝተርፎም ኣይነበረን። ክይተፈለጦም 4-5 ድሙቕ ጓይላ ኣውጽኡ። "በሉ መኣዲ ክንቕርብ ኣዕርፉ" ምስ ተባህሉ'ውን ኮፍ ክብሉ ስለ ዘበርም ጥራይ'የም ኮፍ ኢሎም። ድሕሪ'ቲ ንዕኦም ተባሂሉ ዝተዳለወ ሸሻይ፡ ተርባጽ ጓይላኦም ንምቕጻል ተቐዳደሙ። ካብቲ ኣቐዲሞም ዝጀመርዎ ዘይሰነፍ ጓይላ ድማ ደጊሞም ተኸሉ። ሓደ ክልተ... እናበሉ 6...7 ብዝዩ ዕረፍቲ ሰብ ኣጻወቱ።

መርዓዊ ናብ እንዳ ጓል ዝበጽሓሉ ሰዓት ኣኸለ፡ ግና ኣብ ሰዓቱ ስለ ዘይተረኽበ "ወዮ መርዓዊኸ?" ዝብል ሕቶ ተላዕለ። በዚ ሕቶ ዝተሻቐላ ሓማውቲ እምብዛ ስለዝተኾማሰዐት ንሕልፎት ርእሶም ዘሕመመት ሕቶ ነበረት። ኣዕሩኽ ብዘይካ ከም ዘይሰማዕካ ምጽቃጥ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮምን። ሰዓት ግና ግዜኡ እናቐጸረ ቀጸለ።

ዳስ እንዳ ጓል ካልእ ካብ ትጽበዮ ሰብ ውራይን ዕዱማትን ወጺኢ ትርኢት ኣቕረበ። ማጆም ስትይ ዘበሉ ሰብ፡ "ከምዓልኩም ክቡራት ኣሓማና። ሓቂ ይሓይሽ መገዲ ስለዝረሓቐና ኣምሲናልኩም'ሞ ሕጂ ግና ንኸሉ ኣብ ግምት ኣእቲኹም ተቐበሉና" ክብሉ እንዳ ጓል ብኹበሪ ክቕበልዎም ምሕጽንታኦም ኣቕረበ። እቲ ሰማዕ ንኹሉ'ቲ ኣብ ድሙቕን ምዉቕን ጓይላ ዝበረ ሰብ ስግንጢር ነበረ። "ኣቱም ሰባት! ምናልባት ዳስ ተጋጊኹም ከይትኾኑ፥ ናትና ሕልፎት ኣቐዲሞም ኣትዮም እዮም። ድሮ'ኳ ከምዚ ትሰምዕዎ ዘለኹም ይጻወቱ ኣለዉ" ዝብል መልሲ ሃብዎም። እቶም ሓደስቲ ኣጋይሽ ግና፡ "እዋእ! እንዳ እገለዶ ኣይኮንክሙን!? እሞ ከምቲ ዝበልክሞ ደኣ ዳስ ተጋጊና ክይንኸውን!!? ንሕና ካብ ዓዲ እገለ ዝመጻእና ሕልፎት እንዳ ወዲ እገለ ኢና። ስለዚ...!!!" ብምባል ጭብጥታቶም ኣቕረቡ።

ወዮም ኣቐዲሞም ኣብቲ ዳስ ዝኣተው ዓርኪ ሕልፎት፡ ካብ ዝቐረበሎም ሸሻይ ከብደም መሊኦም ብምንባሮም፡ "ደሓን ኩኒ ቁሪ" ኢሎም'የም ነይሮም። እቶም ኣብኡ ዝምሰዩ ሕልፎት፡ ሓደሽ ሓብሬታ ምምጽኡ ጋን ኮይንዎም ዝብልዎን ዝገብርዎን ጠፍኦም።

ኣብ መጀመርታ ምእማን ስኢኖም'ኳ እንተነበሩ፡ ሓቂ ምስ በርሃሎም ግና ንእለት ተዳህለ። ነጋወሰ'ቲ ዳስ ኮይኖም ከም ዘጻውዩ ኣብ ማይ ዝኣተውት ኣንጭዋ ኮኑ። ኣብ ማእከል ዳስ'ውን ተዓንደሩ። ዘይከውን ኩይንዎም'ምበር ኣብ ጸፍሮም ክኣትዉ ኣይምጸልኡን። በቲ ዝበርሕዎ ድሪማ ስክፍታን ሕፍረትን እናተሰምዖም ናውቲ መዚቃኦም ንምጥርናፍ ሳዕልን ታሕትን በሉ። ቀዳማይ ምዕራፍ ከኣ ብሕፍረት ተደምደመ።

መርዓዊ "ናብ ዳስ እንዳ ሓሞይ ዘርመንንዘመርገገነ ፈጣናት ኣዕሩኽ ሰዲደ ስለ ዘለኹ ዘሻቐሪ የለን" ኢሉ፥ ተኣማሚኑ ዝለኣኾም ዓርኪ ሕልፎት፡ ዳስ እናዳለዉ ኣማሚቖም ክጸንሕዎ እናተራእዩ ብኣዕርኹ ተዓጂቡ ኣብቲ ቦታ በጽሐ። "ዝይሓስቦኾዮ ርኸብ ኣይመርጸም...!" ከምዝበሃል ግና፡ ንወዮ መርዓዊ ደሊትን ከውግዕትን ተጸረርቲ ኮይኖም ደኣ ጸንሕዎ። መርዓዊ ዳስ እንዳ ሓሞኡ ኣይተዛነደ ክይምቕ ኣመት ናይ መርዓ ዘይብሉ እንትርፎ ውሑዳት ተሰሩ ዘይቀረጹ ወጸኸትን ስራሕ ዘጸፈፉ ኣንስትን ሓዙ ሕልምልም ክብል ጸንሖ። እዚ ዘሕዝን ኩነታት ዝተዓዘበ መርዓዊ፡ ኩሉ ነገር ኣርሚዎም ኣብ ማዕዶ'ቲ ዳስ ኮፍ ክብል መረጸ።

ንሱ በቲ ዘይተጸበዮ ክስተት ስለ ዝሰንበደ ኩነታቱ ንምፍላጥ ኣመት'ቶም ቀድሚ 3 ሰዓት ካብ ቤቱ መሪጹ ዝፋነዎም ዓርኪ ሕልፎቱ ከጉበር ንጠፍጠፍ በለ። ንገለ ካብቶም ኣሰንዮሞ ዝመጹ ኣዕርኹ ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝርከብ ኻሲ ወከፍ ዝተሰርሐ ዳስ ክይዶም ክፍትሹ ነገሮም። መልሲ ሓዞም ክሳብ ዝምለስዎ እናተሓቖ ተጸበዩ።

መርዓዊኦም ኣብ ቅርዓት ጉዳዮም ንዘጠፍኡ ዓርኪ ሕልፎት ክይልዩ ዝተላኣኩ ከም ዝተባህሎም ኣብ ዝርኸብወን ዳሳት እናተቐልቀሉ ፈተሹ። ድሕሪ ብዙሕ ኮለል ምስተዮም ሓኪሎም ዳስ ናይ ካልኦት ኣማሚቖም ዝምሰዩን ሕፍረት ተጎልቢቦም ካብ ዳስ ክወጹን ፊት ንፊት ተጋጠሙ።

ዓርኪ ሕልፎት፡ መርዓዊ ኣብ ዝበሮ ቦታ ክሳብ ዝበጽሑ ኣብ መንገኦም ዘረባ ዝብሃል ኣይነበረን። እንተ'ቶም ብጤጋ ዓርኪ ሕልፎት ናይ ካልእ ረኺቦም ዘምሰዩ እንዳጓል፡ ነቶም ናቶም ዓርኪ ሕልፎት እንገራ ማጆም ኩዓልዉ ኣብ ዘይተደለየ ገልጠምጠም ክኣራን ኣተዉ።

# ከም'ዚ ከኣ'ባ ኣሎ!

# ኩርናዕ ካርቱን






# ንእፍልጦ

**Conscious Kids Circle**
...Technology.Education.Art.Culture.Humanity.Enlightenment.Renaissance...

Teklehaimanot Yemane

Reflection

# Strong From Within



*Four to five years back, when I first started to look my inside, I realized that true strength is originated from within. Long time ago, I mean when I was not born in the sense of consciousness, I used to believe my center of gravity (true personal identity) is somewhere else outside me. The moment I understood my old facts of life were wrong, I felt my true strength sprouting from inside. Little by little I learned a lot within only few years. Now, most of my friends and colleagues don't believe me if I ever tell them that, 'I am only five years old.' To speak frankly, it is amazingly confusing. But it is truly true. I will be celebrating my fifth year birthday on January 1, 2016.*

*Here is the fact: count your age from the time you started to watch the beauty and diversity inside you; measure your strength in such perspective and then tell me how old you are. It is quite different from the usual calendar we use to count. May be we might have a coinciding birthdays. May be you are a little older or younger.*

*Have you ever watched some people getting angry very quickly? Have you seen many frustrated people? Yes, you have, in deed too much of such. It is because such people have a disconnected life from the strength inside them. If you start to connect with the strength within, you become unshakeable by any kind of noises from around. You define your own true identity and become a true reflection of the universal system. To be strong from within is to be conscious. And to be conscious is to learn, understand and realize who you are as a person. Let's refresh ourselves and count our age right.*

I am Impressed




## SEPTEMBER

*Welcome September*
*Fresh and brighter*
*You have just got here*
*Posing for beauty buff*
*Marking memory in the year*
*You are master piece of a painter*
*Embellished with great care*
*Every crack, hill and fields*
*Hard to see with the eyes bare*
*You fill hope the granary*
*Helping out farmers on their weary*
*Half of the year's load is off*
*Lightened for those who carry.*
*As daisies chin up to breath fresh air*
*Barley plants bow coy of their fall posture*
*Birds ramble at sorghums with dare*
*I wish I could see at night*
*As hungry caterpillars munch*
*Readying for a colorful butterfly*
*To hatch at a day time*
*Childhood nostalgic delight.*

*Shared by: Rahel Weldegebriel and Elias Ghebrezgiabher*
*September 10, 2015 8:22 AM*

Short Story

# Beyond The Little Circle Part I

*Not very long time ago there lived a woman named by Zemis. Unlike many popular women of the world, Zemis used to have little limiting principles of leading life at home. It is believed that such principles never existed in her ancestors. Fortunately she had a smart son, whom she named Telis.*

*Right from his childhood, Telis along with his elder brothers and sisters was not allowed to see, do or try unique things. All they used to do was dump obvious and scheduled around the house. But Telis was surprisingly smart that he used to expose himself beyond the little circle that his mother bounded around them. However, difficult the situation may be, the children of Zemis including Telis, never failed to respect her. 'May be she could change one day!' they used to think in the depth of their hearts. But they have never dared to ask her anything about her character as a mother.*

*One bright morning in September, Telis waked up early in the morning and dashed to a beautiful garden in their home. Soon the sun started to rise and the flowers in the garden shined bright and lovely. Right that moment, Telis thought, 'What if I take from these beautiful September flowers and present them to my mother as my early morning gift.' And he continued to think, 'I will also tell her how much I love her because she brought me to this beautiful land.'*



*Right then, Telis picked a collection of beautiful flowers and appeared in front of his mother and with a bright smile in his face he freely said, "Mom, I Love You Very Much, in fact we all love you and this is for you!" while presenting her the flowers he collected.*

*"Mammy, to tell you frankly, we are a little bit confused about the limiting rules you impose in us. We understand that you are a caring and loving mother. But your rules of life around this home are a little harder. And we needed to expose ourselves wider so us we can extend our thinking ability. Isn't life meant to be beautiful?" he paused just to take a little rest. But it was obvious from his face that he wanted to add more.*

**"Hi this is Meaza. I am one of those who follow your programme especially short Story. I learn more and it makes me conscious. I really appreciate your effort. I wish you all the best luck."**

**_Meaza:**
**September 14, 2015 9:59 AM**

**"Hi T. How do you do? I just want to wish you all the best that this world could give for all the hardworking that you do to inspire the people with dreams."**

**_Luwam:**
**September 13, 2015 10:15 PM**

# ምልክታ

ዳሂብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ኣቶ ገብረዮውሃንስ ሕድርየስን ተጸዋዒ ኣቶ ገብረመድህን ኢሰያስ መኮነንን ዘሎ ሲቪላዊ ጉዳይ፡ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ን6/10/15 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ። እንተዘይኮይኑ ቤ/ፍ ኣድላዪ ትእዛዝ ወይ ውሳነ ክህብ ምዃኑ የፍልጥ።

ኣቶ ኣርዓዶም ዘመድ ገብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ገብረሂወት ዘሚኪኤል ኣርዓዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/15 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ዮዲት ቀሊት ሃብቶምን ተኸሳሲ ኣቶ ጀማል ዓብደልናስር ፈረጅን ዘሎ ናይ ኣቦነት ጉዳይ፡ ተኸሳሲ ብኣድራሻኡ ክርከብ ስለዘይተኻእለ ን15/10/15 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ እምበይቶ

ኣቶ ማቴዎስ ገረዝግሄር ተስፋማርያም፡ ስም ኣደይ ጉየይ ዑቕቡ ምባል ተሪፉ፡ ሓረጉ ዑቕቡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ወ/ት ንዕማ ዓብደልቃድር ሑመድ፡ ስም ኣደይ ስተልበናት ሱሌማን ምባል ተሪፉ፡ መርየም መሓመድያሲን ጣህር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/15 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሰመረ ብርሃነ ተ/ሚካኤል፡ ኣብ ልዕሊ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ኢሰያስ ሃይለ በይን 2.ወ/ሮ ጽገሬዳ ዑቕቢት ክሲ መስሪቱ፡ ተኸሳሲ ቁ.1.ኣቶ ኢሰያስ ሃይለ በይን ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ተጸዊዑ ን14/10/15 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሻምብቆ

ሓሲና መሓመድ ኣደም በዓል ቤተይ ሃምዛ ባቡ ዮሴፍ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




STATE OF ERITREA
NATIONAL AGRICULTURE PROGRAMME (NAP)

## INVITATION FOR BIDS (IFB)

1. The Government of ERITREA has received a Grant from the International Fund for Agricultural Development towards the cost of National Agricultural Project(NAP) and it is intended that part of the proceeds of this Grant will be applied to eligible payments under the contract for the supply of:- Lot.1 Supply of Spare Parts for Generator and Incubator.

2. Bid shall be Valid for a Period of 120 days after Bid opening, and must be accompanied by a bid Security of 2% at any Eritrean Bank and delivered to Procurement and Supplies Management Unit office on or before October/13/2015 local hours 14:30 PM and will be opened on the same date at 15:00 PM Local hours in the presence of the Bidders or Bidders' Representatives who wish to attend.

3. Eligible bidders may bid for a complete lot. Bid for partial lot will be rejected as non responsive

4. The Eligible bidders should have a professional experience and renewed license for the year of 2013/14 appropriate for the supply of Spare Parts for Generator.


5. A complete set of bidding documents may be collected by any interested Eligible bidders From the address below.

Ministry of Agriculture, Procurement and Supply management Unit, Sawa Street, Tel: 181077/76 Fax: 181415, P.O.Box:1048, Asmara, Eritrea.

6. Bids will be opened in the presence of Bidders' representatives who choose to attend at 3:00 Pm Local Time hrs on October 13, 2015.

The Ministry of Agriculture reserves the right to accept or reject this bid fully or in part if it finds any option better than this IFB without needing to justify the grounds for it doing So and Compensation which the bidder may incurred in preparing its bid.

Ministry of Agriculture



# ምስጋና



ብሞት ክብርቲ ኣደና ወ/ሮ ብሪ ቀሺ ዓንደሚካኤል ዑቕቡ በዓልቲ ቤቶም ንነፍስሄር ቀሺ ብርሃነ ቀሺ ተኽለጽዮን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩም፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብራ ክሳብ መካነ መቓብር ቅዱስ-ጊዮርጊስ ኣርባዕተ ኣስመራ ሓመድ-ኣዳም ዘልበስኩም፡ ኣብ ቤትና ብምምልላስን ቴሌፎን ብምድዋልን ተኻፊልቲ ሓዘንና ዝኾንኩም ውሉድ-ክህነት፡ ቤተሰብን ፈተውትን ኩሉኹም ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ደቀን ተወልደ፡ ገነት፡ ዳንኤል፡ ርብቃ፡ ሃና
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብምኽንያት ዕረፍቲ እንፈትዎ ኣቦና ኣቶ በላይ ተኽለሃይማኖት ሃብተሚካኤል (ወዲ ብላታ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙን ኣብ ሕክምና ዝበጻሕኩምን ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ድማ ክሳብ ተራ-እምኒ ብምኻድ ዘቐበርኩምና፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራቤት



ብምኽንያት ዕረፍቲ ክቡር ኣቦና ግራዝማች ኣርኣያ ገብረስላሴ መዓሾ (ኣማኻሪ ሕግን ጠበቓን) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ግዜ ሕማሙ ጀሚርኩም ክሳብ ግዜ ዕረፍቱ ዝተመላለስኩም፡ ኣብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ቀብሩ ዝተሳተፍኩም፡ ብጹእ ኣቡነ ጨርቆስ ናይ ደቡብ ሃገረ ስብከት ዓዲ ቐይሕ ሊቀ ጳጳስ፡ ካህናት፡ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ቤተሰብን ፈተውትን ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ኢ-መይልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ምዕራፍ ይኩኖ
ምስ ደቁ ምሉኣት ስድራቤትን



ብምኽንያት ዕረፍቲ እንፈትዋ ኣደና ወ/ሮ ኣሰገደሽ መዝገቦ (ቤንቲ ኡኖ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብራ ኣብ ኣስመራ ሓዝሓዝ ዘቐበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዘጸናናዕኩምና፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካል ይኹን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፡ መራሕቲ ሃይማኖት ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ደቃ ወ/ሮ ዮርዳኖስ
ወ/ሮ ደሃብ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብምኽንያት ዕረፍቲ እንፈትዋ ኣደና ወ/ሮ ኣማረሽ ወልደዮውሃንስ ደስታ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብቲ ግዜ ሕማማ ኣብ ሕክምናን ገዛን እናተመላለስኩም ዝበጻሕኩማ፡ ኣብ ግዜ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ዓዲ ሎጎ ብምኻድ ዘቐበርኩምና፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ጓላ ገነት ክሴት
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብሞት ኣዚና ንፈትዋ ክብርቲ ኣደና ነፍ/ት ኣብባ ዮውሃንስ ቀለተ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዕረፍታን ብማሕበረ ኮም ከተማ ኤስሊንገን ማሕበራት ስቱትጋርትን ዝተገበረልና ንዋታውን ሞራላውን ምትሕብባር፡ ከምኡ'ውን ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓጋገዝኩምና ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመንን ክሳብ ከረን ብምኻድ ዘቐበርኩምናን ገዛና ብምምልላስ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ስድራቤት ነፍ/ወልደዮውሃንስ ሓመድናካ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣቦና ኣቶ ንጉስ ተስፋይ ከተም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ሕማሙ ጀሚርኩም ክሳብ ግዜ ዕረፍቱ ኣብ ሆስፒታል ስያትል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተመላሊስኩም ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበረ-ኮም እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩምና፡ ብጉልበት ይኹን ብንዋት ዝተገብረልና ሓገዝ ማሕበረ-ኮም ማሕበር መንግስቲ፡ ኣባላት ህግደፍ ከምኡ ድማ ካብ መላእ ኣመሪካ ዝተመላለስኩም፡ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ብተወሳኺ ካብ ኣስመራ ንድርኮ ማርያም መድሓኒት ዘቐበርኩምና ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንሕብር።

ስድራ ቤት ነ/ፍሄር ኣቶ ንጉስ ተስፋይ ከተም



ብዕረፍቲ ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ሃይለማርያም ቀሺ ጸገዘኣብ ቀሺ ተኽለዝጊ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተመላለስኩምን ምስ ዓረፈ ድማ ክሳብ ዓዲ ንፋስ ብምኻድ ዘቐበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ነገሰት ገብረሚካኤል
ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን



ብምኽንያት መስዋእቲ ኣዝዩ ዘፍቅሮን ዘኽብሮን ክቡር በዓል ቤተይ ገዲም ተጋዳላይ የማነ ኣብርሃ ባይሩ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ተረኺብኩም ዘቐበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ተኻፊልቲ ሓዘንና ዝኾንኩም፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና፡ ቤተሰብ፡ ፈተውትን መጋድልቱን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ተጋዳሊት ኣስካሉ ወ/ዮውሃንስ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን



ብሞት እንፍቅራን እንኽብራን ወላዲትና ወ/ሮ ገብርኤላ ገብረትንሳኤ (ኤላ) ተቐማጢት ርዖድ ነበር ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ጸሎት ብምኻድ ዘቐበርኩምና፡ ከምኡ'ውን ብኣካል ዝተመላለስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ኣዴኣ ወ/ሮ ኣብርሀት ወ/ሰማእቲ
ደቃ፦ ሳምራዊት፡ ናሆምን ሓበን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት




ብሞት ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሳባ መብራህቱ በርሀ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ብምምልላስ ከምኡ'ውን ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ብቴሌፎን ዝጠየቕኩም፡ ኣብ ቀብራ ዘቐበርኩምና፡ ኣብ ቤትና እናተመላለስኩምን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

በዓል ቤታ የማነ ገብረንጉስ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ተስፋኣለም የማነ

# ቺለ፡ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ሱናሚ ከየለዓዕል ስግኣት ይፈጥር




ኣብ ቺለ ኣጋጢሙ ዘሎ ከቢድ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ማዕበል ሱናሚ ከየለዓዕል ስግኣት ፈጢሩ ከምዝሎ ተሓቢሩ። ፕረዚደንት ቺለ ሚቸል ባቸሌት ኣብ ተለቪዥን ሃገራ ቀሪባ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ በቲ 8.3 ሬክተር ዝዓቐኑ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዛጊት ሰለስተ ሰባት ከምዝሞቱን ሓያል ዕንወት ኣወሪዱ ከምዘሎን ጠቒሳ፡ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል'ውን ኣረዲኣ።

ንሳ ኣስዒባ፡ በቲ ሓያል ነውጺ ናይቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ገማግም'ታ ሃገር ዝነብሩ ዜጋታት ክወጹ ተገዲዶም ከምዘለዉን ማዕበል ሱናሚ ከየለዓዕል'ውን ሓያል ስግኣት ፈጢሩ ምህላዉን ወሲኻ ሓቢራ።

"ብሕጂ'ውን ክንጥመና ንዝኽእል ሓያል ናይ ተፈጥሮ ዕንወትን ነውጽን ክንገጥሞ ይግብኣና" ዝበለት እታ ፕረዚደንት፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ከይተዳህለን ልቡ ከየጥፍአን፡ ንዜጋጥም ባህርያዊ ሓደጋ ርእሱ ምትእምማኑ ኣሐይሉ ክገጥሞ ኣዘኻኺራ።

ኣብ 2010 ብዘጋጠመ ተመሳሳሊ ፍጻሜ ሂወት 500 ቺሊያውያን ከምዝቐተለን ልዕሊ 200 ኣባይቲ ከምዝዓነወን ይዝከር። ከምኡ'ውን፡ በቲ 8.8 ሬክተር ዝዓቐኑ ናይ ሽዑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ 'ኮንስቲቱሲዮን' ዝተባህለት ከተማ ቺለ ምሉእ ብምሉእ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ከምዝዓነወት እታ ፕረዚደንት ከቢብ ኣብቶት ኣቕሪባ።

ማእከል ምክትታል ሱናሚ ሰለማዊ ውቅያኖስ ዝተባህለ ጉጅለ ብወገኑ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ቺለ ዘጋጥም ዘሎ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣብ'ቲ ልዕሊ 4 ሽሕን ክልተ ሚእቲን ኪሎ ሜትር ዝዝርጋሕ ገማግም ባሕሪ ቺለ፡ ካብ ሰለስተ ሜትሮ ንላዕሊ ዝቐመቱ ዘይንቡር ማዕበል ክኸሰት ምዃኑ ኣጠንቂቑ ኣሎ። እቲ ማእከል ኣስዒቡ፡ ካብ ደቡባዊ ሸነኽ ኣንታርክቲካ ጀሚርካ ክሳብ ደቡብ ናይ ማለኸ/ያ'ውን ልዕሊ ንቡር ማዕበል ኪጋጥም ትጽቢት ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣገልግሎት ኩነታት ኣየር ኣመሪካ ብወገኑ፡ ኣብ ሰለማዊት ውቅያኖስ እትርከብ ደሴት ክፍለ ሃዋይ፡ ማዕበል ሱናዊ ኪጋጥም ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ። ኒውዚላንድ'ውን ኣብ ገማግም ክፋል'ታ ሃገር ተርእዮ ማዕበል ሱናሚ ክርአ ምዃኑ ተመሳሳሊ መጠንቀቕታታት ኣመሓላሊፉ ትርከብ።

# ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ኣብ ሶርያ ምብጻሕ ክፍጽም'ዩ




ፍሉይ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ሱርያ፡ ብዛዕባ ሰላም ንምዝርራብ ናብ ሱርያ ከምርሕ ምዃኑ ተሓቢሩ። እቲ ልኡኽ፡ ሶርያ ኣብ ዝኣትወሉ፡ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር ተራኺቡ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብታ ሃገር ዝቕጽል ዘሎ ኣሰቃቒ ኩናት ፍታሕ ምርካብ ዘኽእል ዝርርብ ሰላም ክካየድ ከምዝኾነ ተፈሊጡ።

እቲ ስታፋን ዲ ሙስቱራ ዝተባህለ ፍሉይ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሶርያ፡ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዋሊድ ኣል ሚዋለም'ዩ ኣብ ከተማ ደማስቆስ ክራኸቡ፡ ብዛዕባ'ቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ተኣዲፉ ዘሎ እማመ ሰላም፡ ምስ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ሶርያ ክመያየጠሉ ምዃኑ ድማ፡ ሓደ ስሙ ዘይተጠቕሰ በዓል ስልጣን'ታ ሃገር ሓቢሩ።

ተሓጋጋዚ ፍሉይ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሶርያ፡ ራምዚ ኢዙዲን ራምዝ፡ ኣብ ኑቲ ተበግሶ ዝምልከት ሰላ ገጻት ዝሓዘ ሰነድ፡ መፋርቕ ወርሒ ኑሓሰ ንሰበስልጣን ሶርያ ከምዝረከበ ዝዝከር'ዩ። እቶም ሰበስልጣን ድማ፡ ነቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቕዲሙ ዝቐረበሎም ሰላ ገጻት ዝሓዘ ሰነድ ዝምልከት ዝቐረቦም ሓያል ኣገዳሲ ሕቶታት መልሲ ይጽበዩሉ ከምዘለዉን ድማ ሓደ ዲፕሎማስኛ ደማስቆ ኣረዲኡ።

እቲ ዲፕሎማስኛ ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ሶርያ፡ ኣብታ ብግጭት እትሕመስ ዘላ ሶርያ፡ ቅድሚ ዝኾነ ፖለቲካዊ መስርሕ ምኪያድ፡ ኣንጻር ግብረሽበራ ምቅላስ እቲ ብቐዳምነት ክሰራዕ ኣትደልዮ ምዃና ሓቢሩ።

ዓረባዊት ሃገረ ሱርያ፡ ኣብ መጋቢት 2011 ብዘጋጠማ ብወጻእተኛታት ከምዝምወል ዝገለጸ ውተሃደራዊ ኩናት፡ እታ ሃገር ብኸቢድ ትሕመስ ዘላ ምዃኑ ይፍለጥ።

# ዮርዳኖስ ንእስራኤል ተጠንቅቕ

መራሒ የርዳኖስ ንጉስ ዓብደላ ካልኣይ፡ እስራኤል ኣብ ከተማ የሩሳሌም ኣብ ዝርከብ ቅዱስ መስገድ ኣል-ኣቕሳ እተካይዶ ዘላ "ተኸታታሊ" ዝበሎ ተግባራት እንተዘይ ኣቋሪጻቶ፡ እቲ ምስ የርዳኖስ ዝጸንሓ ዝምድና ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

እቲ መራሒ ኸዚ መጠንቀቕታ ዝሃበ ዘሎ፡ ፖሊስ እስራኤል ኣንጻር ኣይሁድ ኣእማን እናደረኹ ኣብቲ ዓቢ መስገድ ከምዝሕብኡ ንዘገለጹም ፍልስጤማውያን መንእሰያት ንምሓዝ ዝሓለፈ ሰንበት ናብቲ መስገድ ብሓይሊ ምስኣተወ ድሕሪ ዝተፈጥረ ሓያል ህውከት'ዩ።

"እቲ ተግባራት እንተቐጺሉ የርዳኖስ ስጉምቲ ምውሳድ እንተዘይኮይኑ ካልእ ምርጫ ኣይክህልወናን'ዩ።" ክብል ድማ ድሕሪ'ቲ ኣብ ኣማን ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ዝቐደዶ ርክብ ኣጠንቂቑ።

ኣብ 1994 ምስ እስራኤል ውዕል ሰላም ዝኸተመት የርዳኖስ፡ ንድሕነት ናይ'ቲ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ቅዱሳት መሳገድ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ዝስራዕ መስገድ ክትሕሉ ሕድሪ ከምዘለዋ'ያ እትገልጽ።

እስራኤል ኣብ 1967 ምስ ሃገራት ዓረብ ኣብ ዝቐደደቶ ደማዊ ውግእ ንምብራቕ ኢየሩሳሌም ካብ ምምሕዳር የርዳኖስ ብሓይሊ መዝዒዓ ከምዝተቘጻጸረቶ ሰነዳት የመልክቱ።

የርዳኖስ፡ ንግዝኢ ተኸቲላ ንእስራኤል ከም ሃገር ብወግዒ ኣፍልጦ ዝሃበት ዓረባዊት ሃገር ምዃና ይግለጽ።

# ኣውስትራልያ፡ ደቀም ዘየኽትቡ ስድራ- ቤታት ሓገዝ ከይረኽቡ ዝእግድ ሕጊ ይጸድቕ



መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ደቆም ካብ ምኽታብ ዝሕንገዱ ስድራ-ቤታት ዝኾነ መንግስታዊ ሓገዛት ከይረኽቡ ዝእግድ ሓድሽ ሕጊ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣውጺኡ።

እቲ መንግስቲ ኸዚ ሕጊ ዘውጽእ ዘሎ፡ ኣብታ ሃገር ቁጽሪ ናይ'ቶም ብሰንኪ ዘይቅቡዕ መረዳእታ ደቆም ካብ ምኽታብ ዝሕንገዱ ዘለዉ ስድራ-ቤታት እናዛረ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

ብመሰረት ጸብጻብ ሕክምና'ታ ሃገር፡ ኣብ ኣውስትራልያ ልዕሊ 90% ካብቶም ካብ ሓደ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት ዝኽተቡ'ኳ እንተኾኑ፡ ትሕቲ ሸውዓተ ዓመት ዝዕድሚኦም ልዕሊ 39 ሽሕ ዘይተኸትቡ ህጻናት ከምዘለዉ ግን መንግስቲ ይገልጽ። እቲ ምኽንያት ከኣ ስድራ-ቤቶም ከኽትብዎም ፍቓደኛታት ስለ ዘይኮኑ ምዃኑ ወሲኹ የመልክት።

ኣብ ኣውስትራልያ፡ ለቡዳ ጉንፋዕን ንፍዮን ሓሓሊፉ ደርእ ከምዘሎ ይሕበር። ብመሰረት'ቲ ሓድሽ ሕጊ፡ ደቆም ዘየኽትቡ ስድራ-ቤታት ካብቲ መንግስቲ ንዜጋታት'ታ ሃገር ዝህበሮም ዝተፈላለየ ሓገዛት እጉዳት ክኾኑ'ዮም።

# ዜና ብሓጺሩ

ኣብቲ ብ11 መስከረም ኣብ ቅዱስ መስገድ ናይ መካ ዘጋጠመ ትራጀዲ፡ ተወሲኽቲ ሰለስተ ኢራናያውን ከምዝሞቱ ሓድሽ ዝወጸ ጸብጻብ ኣፍሊጡ። በዚ ድማ፡ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ'ቲ ቅዱስ ስፍራ ዝሞቱ ኢራናውያን ናብ 11 ክበብ ኢሉ ኣሎ። ኣብቲ ትራጀዲ ሞይቶም ዘለዉ ኢራናውያን ብምልኣም ደቂ-ኣንስትዮ ምዃነን ድማ ተፈሊጡ።

ብዘይካዚ፡ ካልኦት ሰለስተ ኢራንያውን'ውን ኣብ ሆስፒታል መካ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ሕክምናዊ ክትትል ከምዝርከቡ ተገሊጹ።

በቲ ትራጀዲ ዛጊት መብዝሕትኦም ዜጋታት ሰዑዲ፡ ኢራን፡ ናይጀርያ፡ ማለኻያን ኢንዶነሸያን ምዃኖም ዝተገልጹ 110 ሰባት ተቐቲሎምን ልዕሊ 400 ድማ ቆሲሎምን ደርከቡ።

እቲ ትራጀዲ ኣብቲ ቦታ ብኩባንያ ተተኺሉ ዝነበረ ዓቢ ናይ ህንጻ ክሬን ብሓያል ህቦብላዊ ንፋስ ተደፊኡ ድሕሪ ምውዳቑ ከምዘጋጠመ ዝዝከር'ዩ።

***

ወራር ኣመራካ ኣብ ልዕሊ ዒራቕ፡ ዕጡቓት ዳዕሽ ከምዝፈጠረ ኣምባሳደር ሩስያ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሚስተር ቪታሊ ቹርኪን ገሊጹ።

ንሱ፡ ኣብ 2003 ኣብ ዒራቕ ዝተኻየደ ወራር ኣመራካ፡ ከም ሳዕቤኑ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ከም ዳዕሽ ዝኣመሰሉ ጉጅለ ግብረሽበራውያን ከምዝወለደ ሓቢሩ።

እቲ ኣምባሳደር ምስ ኣገልግሎት ዜና ሩስያ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ፡ "ዳዕሽ ውጽኢት ወራር ኣመራካ ኣብ ዒራቕ'ዩ፡ ስለዚ፡ ወራር ኣመራካ ንምፍጣር ዳዕሽ ክሕተት ኣለዎ" ኢሉ።

***

መራሒ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ኣያቶላ ሰይድ ዓሊ ኻመናኢ፡ ብጾላእቲ ዝግበር ሴልኳታት ሓደ ካብ ዓበይቲ ስግኣታት ንኢራን ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ ኢራን ነዚ መግለጺ ዝሃበ፡ ምስ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኣባላት ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራንን ኣብ ከተማ ቴህራን ኣብ ዝቐደዶ ኣኼብ'ዩ። ከም ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለየ ትካላት'ታ ሃገር ድማ ኣንጻር'ዚ ሴልኳታት ጸኒዖም ክምከቱ ኣዘኻኺሩ።

"ቀንጠባዊን ጸጥታዊን ሴልኳታት፡ ማሕበራዊ ምህሮዊ፡ ባህላዊን ፖለቲካዊን ሰልኳታት ኣገዳስነት የብሉን" ዝበለ እቲ መራሒ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን ሃገሩ፡ ኣብ'ቲ ብስም ቀንጠባዊን ፖለቲካዊን ዝግበር ሴልኳታት፡ ብምሉእ ሓለዋኦም ክዛይዱ ኣተሓሳሰበ።